# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.158 ሰሉስ 4 መጋቢት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ግብጺ ኣብ ቃዛ ዳግመ ህንጸት ንምክያድ ቅሩብነታ ትገልጽ



ገጽ 4
ኣብ ብትከተ-ጽግያት ከም ዝኣተኹ ብኸመይ እፈልጥ?




ገጽ 5
ክብሪ ንሰብ ግብሪ



ገጽ 11
ዙርኡዋንዳ ብዘይትጽቢታዊ ፍጻመ ተዛዚሙ




## ሳዋ - ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሃሮ ስነ-ኪነት ተመሪቖም





ሰኣሊ-ሙሴ ኪዳነ

ኣብ መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ክቕስሙ ዝጸንሑ ተመሃሮ ስነ-ኪነት ተመሪቖም።

እዚም ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከባ ናይ ስነጥበብ ኣብያተ-ትምህርቲ ማለት ደቀምሓረ፡ ናቕፋ፡ ኣስመራ፡ ሓጋዝ፡ ማይ-ሓብርን ሓልሃይን ድሕሪ ምምራቖም፡ ኣብ መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ክቕስሙ ዝጸንሑ መንእሰያት፡ ብ2 መጋቢት'የም ንመመረቕታ በቒዖም።

ኣብ'ቲ ኣዘዙቲ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን መማህራንን ተመሃሮን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ተመረቕቲ ብኽልሱ-ሓሳብን ግብርን ንዝቐሰምዎ ስልትን ጥበብን ዘንጸባርቕ ወተሃደራዊ ምርኢት ኣቕሪቦም።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐሰማን ኣውልያይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣብ መንእሰያት ዝገብርዎ ዘለዉ ወፍሪ ኣዝዩ ብርቱዕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ...

ሽቶታት ዝተረኽቡትን ዝተዓቀቡትን ሃገር ንምብልጻግ ካብ ዘለዎም ራኢ ዝቕል ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ተመረቕቲ ኣብ ዝምደብሉ ዓውደ-ስራሕ ትገሃትን ወፋያትን ክኾኑ ተላቢዩ።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት - ኮሎኔል ደብሳይ ግደ ብወገኑ፡ ተመረቕቲ - ግቡእ ወተሃደራዊ ተዕለም፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ስነ-ምግባር፡ ማሕበራዊ ኣካላዊ ህንጸትን፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ሰሚናራት ዘጠቓለለ ስልጠና ከምዝቐሰሙ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝዋፈሩሉ ናይ ስራሕ ዓለም፡ ትጽቢት ሃገርን ህዝብን ዝምልስ ውጽኢት ከመዝግቡ ልዑል ተስፋ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ተመረቕቲ፡ ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ብምቕራብ፡ ሕድሪ ስዉኣታት ተቐቢሎም ንህዝቦምን ሃገሮምን ብተወፋይነት ንምግልጋል ዘለዎም ቅሩብነት፡ ብቓለ-ማሕላ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተኻየደ ንጥፈታት ብውልቅን ብደረጃ ኣሃዱን ንዝተዓወቱ፡ ሽልማት ተዋሂቡ።

## ማእከል - ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ይካየድ ኣሎ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ናይ 3 ዓመት ኣገልግሎቶም ዝዛዘሙ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣባይቲ ዓድን ንምትካእ፡ ካብ 25 ለካቲት ጀሚሩ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ምርጫታት ይካየድ ኣሎ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ምክትታል ባይቶታትን ከተማታትን ኣቶ ሃብተ ጉብረማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኑቲ መስርሕ ብጽፈት ንምስላጥ ካብ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ኣትሒዙ ክካየድ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ብዘወጸ ናይ ግዜ ሰሌዳ፡ ክሳብ 23 መጋቢት ኣብ 83 ምምሕዳራት ከባቢ ክምዝቐጸል ኣብሪሁ።

መረጽቲ ክርቲ ናይ'ቲ ዝምረጹሉ ምምሕዳር ከባቢ ኮይኖም፡ ዕድመኦም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ፣ ተመረጽቲ ድማ ሃገራዊ ግቡኦም ዝፈጸሙን ዕድመኦም ካብ 25 ዓመት ንላዕሊን ክኾኑ ከምዝዕርፉ፡ ቅጥዕታት ናይ'ቲ ምርጫ የረድኡ።

ንዕድመ ስልጣን ኣመሓደርቲ ከባቢ ብዝምልከት፡ ብተኸታታሊ ን3 ናይ 3 ዓመት - ብድምር ን9 ዓመታት ከገልግሉ ከምዝኽእሉ፣ ካብኡ ንላዕሊ ግን ሕጋጋትን መምርሒታትን ከምዘይፍቅድ፡ ኣብ'ቲ ቅጥዕታት ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ።

መስርሕ ምርጫ ዕዉት ንክኸውን፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዘድሊ መሳለጥታት ከምዘቕረበ ዝሓበረ ኣቶ ሃብተ፡ ህዝቢ ካብ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት ሓራ ኮይኑ፡ ብንቕሓት ዘገልግልዎ ኣመሓደርቲ ክመርጽ፣ ዝምረጹ ድማ ንርእሶም ዝተሰከምዎ ሓላፍነት ተገንዚቦም፡ ብዋንኡን ብሰቐዓትን ክሰርሑ ትጽቢት ከምዝግበር ኣገንዚቡ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ንኣመሓደርቲ ከባቢ ተመሪጾም ከገልግሉ ካብ ዝጸንሑ፡ እተን 33 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ምንባረን ሰነዳት ናይ'ቲ ዞባ የረድኡ።



ሰኣሊ-ኣቤል በረኸት

ዜና

# ኣብ ሰንዓፈን ዓዲ-ቐይሕን፡ ኣብ ልምዓት ድንሽ ስልጠና ተዋሂቡ






ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰንዓፈን ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ልምዓት ብቑዕን ብሉጽን ዘርኢ ድንሽን ኣገዳስነቱ ኣብ ምርግጋጽ መኣዛዊ መግብን ዘተኮረ ስልጠና፡ ብ26ን 27ን ለካቲት ተዋሂቡ።

እዚ ኣብ ግራት ሓረስቶት ብዮዝብሪ ተሰንዩ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ክንክንን ምሕደራን ዝቦዝሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ንምውርጻጽን ዝርግሐኡ ንምስፋሕን ዝዓለመ ከምዝነበረ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ኣብርሃም ስእለ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ሕርሻዊ ኢንስፔክሽን ኣቶ ስመረ ኣምለሶም ብወገኑ፡ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ኣብ ሃገርና ዓቢ ቀላሕታ ተገይሩሉ ብዕቱብ ይስራሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ከሊማ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ንምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ምቹእ ስለዝኾነ፡ ሞያውያን ምስ ሓረስቶት ተወሃሂዶም ብጾቡእ ክሰርሑሉ ከምዝግብኦም ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ልምዓት ድንሽ ንምድንፋዕ ዝሕግዙ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ኣቑርደት - ኣብ ዕቃበ ባህላዊ ውርሻታት ዘተኮረ ዘተ ተኻይዱ

ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝተወደበ፡ ኣብ ዕቃበ ረቛሕ ባህላዊ ውርሻ ዘተኮረ ዘተ፡ ብ25 ለካቲት ኣብ ኣቑርደት ተኻይዱ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ባህሊ ሕላገት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ባህላዊ ውርሻታት ብዮዝቡእ ተጸኒዖም ክሰነዱን ናብ ወለዶታት ክመሓላለፉን ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከቡ ረቛሕትን ዝጭብጡን ባህላዊ ውርሻታት ንምጽናዕን ንምስናድን ተበጊሶ ይውሰድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ብወገኖም፡ ንዓይነታት ባህላዊ ውርሻ፣ ከምኡ'ውን ትርጉምን ኣገዳስነትን ዕቃበ ባህላዊ ውርሻታት ዝምልከት ሞያዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ዕቃበ ባህሊ ምስ ምዕቃብ ሃገራዊ መንነትን ክብርታት ሕብረተሰብን ብቐጥታ ስለዝተሓሓዝ፡ ልዑል ኣተኩሮ ክወሃቦ ኣተሓሳሲቦም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ብወገኖም፡ እቲ ኣብ ዕቃበ ባህላዊ ውርሻታት ዘተኮረ ዘተ፡ ኣብ ማስርሕ ምስናድ፡ ምዕቃብን ምትሕልላፍን ባህላዊ ውርሻታት ክሰዓብ ዝግብኦ ኣገባብ ዘረድእን ሓላፍነት ዘሰክምን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ ተመሳሳሊ መደብ ክካየድ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ዕቃበ ባህላዊ ውርሻ ዘጽብጥኽ ዳህሳስን መጽናዕትን ስለዝድልዩ፡ ዓበይቲ ሰባት ምውካስን ተመሳሳሊ ናይ ዘተን ኣስተምህሮን መደባት ምውዳብን ክድፋኣሉ ተማሕጺኖም።

# ባጽዕ - ፖሊስ ትራፊክ፡ ምስ ወነንቲ ዓበይቲ መካይን ዘትዩ

ፖሊስ ትራፊክን ጨንፈር መጓዓዝያ ምድሪን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ሓደጋታትን ብኡኡ ዝስዕብ ክሳራታትን ንምጉዳል፡ ብ27 ለካቲት ናብ ወነንቲ ዓበይቲ መካይን ዝቐንዐ ኣስተምህሮኣዊ ርክብ፡ ኣብ ባጽዕ ኣካዪዶም።

ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ ሜጀር መልኣከ ጉብረማርያም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብሰንኪ ምጉዳል ብቕዓት ኣሽከርከርቲን ተሽከርከርትን፡ ዘይምኽባር ሕግን ስርዓትን ትራፊክ፣ መገድኻ ዘይምሓዝ፡ ሓደገኛ ኣመራርሓን ካልኦትን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብደረጃ ዞባ 240 ሓደጋታት ከምዘጋጠሙ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ 19 ሞትን 192 ከቢድን ፈኲስን ማህሰይቲ፣ ኣብ ንብረት ድማ ናይ ኣስታት 5 ሚልዮን ናቕፋ ንዋታዊ ዕንወት ከምዝወረደ ኣብሪሁ።

ሜጀር መልኣከ ኣስዒቡ፡ ኣብ 2024 ብሓፈሻ ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ ተሽከርከርቲ ብጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ክኽሰሳ ከለዋ፡ ልዕሊ 600 ሽሕ ናቕፋ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከምእተበየነለን ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ጨንፈር መጓዓዝያ ምድሪ ኣቶ ታደሰ ጉብረታትዮስ ብወገኑ፡ ምኽባር ሕግታት ትራፊክን መምርሒታት መጓዓዝያ ምድርን፡ ንመራሕቲ ተሽከርከርቲ ብሓፈሻ ንመራሕቲ ዓበይቲ መካይን ድማ ብፍላይ ካብ ክሳራ ህይወትን ንብረትን ዘድሕን ስለዝኾነ፡ ብዮዝቡእ ክኽተልዎ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ተበላሽዮ ዘሎ ትሕተ-ቅርጺ መጓዓዝያ ጠንቂ ሓደጋታት ይኾውን ስለዘሎ ቅልጡፍ ጽገና ክግበረሉ፣ ቀረብ መቀያየሪ ኣቕሑ ክውሓስ፣ ንምርኣይ ዝኸልክሉ ዘለዉ ኣግራብ ክኣለዩ፣ ሓበርቲ ምልክታት ዘይብሉ ቦታታት ክትከለሉ፣ ከምኡ'ውን ብርቱዕ መብራህቲ ወይ ባውዛ ዘለወን መካይን ቁጽጽር ክግበረለን ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

# ባረንቱ - ሃማደኤ ኣብ ትምህርቲን ጥዕናን ኣስተምህሮ ሂቡ

ሃማደኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ንቕሓት ደቀኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲን ጥዕናን ንምዕባይ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ፡ ካብ 26 ክሳብ 28 ለካቲት ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ሂቡ።

እቲ መደብ ብምውህሃድ ኣብያተ-ጽሕፈት ሃማደኤ ኣብ ዞባን ንኡስ ዞባን ዝተወደበ ምዃኑ ዝሓበረት፡ ሓላፊት ማሕበር ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ወ/ሮ ኣለም ሃይለሚካኤል፡ ሞያዊ ተመኩሮኦም ዝቕረሉ መምህራንን ክኢላታት ጥዕናን ምስጋና ኣቕሪባ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወ/ሮ ደሕደጋ የውሃንስ ብወገና፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓቕሚ ደቀኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ንምብራኽን ተውዳዳርነተን ካብ ንምዕባን ዝውደብ መደባት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ምምሃር ጓልኣንስተይቲ ምምሃር ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላት ክዓዝዝ ኣተሓሳሲባ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ብቕዓት መምህራን ዘሐይል ስልጠናታት ክውሃብ፡ ምሕያል ደቀኣንስትዮ ኣብ ስፖርት ንምዕባይ ባይታ ክፍጠር፡ ከምኡ'ውን መደብ ልግሲ ደም ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዝሓየለ ክሰራሓሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ ምኽንያት ብምግባር፡ ዝተፈላለየ መደባት ተተግቢሩ።

ጸሓፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ሓሰና ዑመር ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ናብ ደቀኣንስትዮ ዝቐንዐን ብደቀኣንስትዮ ዝተመርሐን መደባት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ከምኡ'ውን ጽሬት ኣከባብን ንጽህናትን ከምእተኻየደ ኣዘኪራ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ መደባት፡ ብ26 ለካቲት ንደቀኣንስትዮ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን፡ ንተራ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስን ድሕሪ ናጽነትን፣ ከምኡ'ውን ኲነት ትምህርትን መደባት ልምዓትን ብመዝኸር ተሳታፍነትን ተረባሕነትን ደቀኣንስትዮ ዝድህስስ ናይ ዘተ መድረኽ ከምእተወደበ ወ/ሮ ሓሰና ብዘወሃኽ ሓቢራ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ደቀኣንስትዮ ብቃልሰን ዘረጋገጽኦ ማዕርነትን መንግስቲ ዝኸፈተለን ዕድላትን ተጠቒመን፡ ብዞያን ፍልጠትን ይዕበያን ኣብ ሃገራዊ ልምዓታዊ መደባት ዕዙዝ ሱታፌ ይገብራን ከምዘለዋ፡ ብኣብነት ዝተሰነየ መግለጺታት ብጉዳይም ተጋደልቲ ከምዝቐረበ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

# ዓንሰባ - ምህዞን ሰንዓን ብዝሓየለ ክሰረሓሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝንጽባረቕ ዘሎ ብቕዓት ብዝለዓለ ተመዛዚሒ ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ንኽውዕል ብዝሓየለ ክሰራሕ፡ ወሃብቲ ርእይቶ ኣዘኻኺሮም።

እዚ ዝተገለጸ "ክስቡት ንብዐብን መሃዝትን ነስስን" ብዝብል ቴማ፡ ብ27 ለካቲት ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኸፍተ "ምርኢት መጽሓፍትን ምህዞን" እዩ።

እቲ ቀሪቡ ዘሎ፡ ብተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ብውልቀን ዝተዳለወ ወጽኢት ምህዞታ ዘጠቓለለ ምርኢት፡ ክሳብ 2 መጋቢት ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ጸኒሑ።

ኣብ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት ዝተዓዘበ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ብልሕን ተመኩሮን ዘመሓላልፍ ዕድል ስለዝኾነ፡ ኑዩም መንእሰያት ኣብ ሓደ ጠርዓፍካ ንጥፈታቶም ዘማዕብሉሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ምስ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ይሰራሓሉ ከምዘሎ ኣፊሩ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ዞባዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ን2ይ ግዜ፣ ቅነ መጽሓፍቲ ድማ ን5ይ ግዜ ይካየድ ምህላዉ ይፈለጥ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ዜና ኣህጉር

የርዳኖስ ጸጋይ

## ግብጺ ኣብ ቓዛ ዳግመ-ህንጻ ንምክያድ ቅሩብነታ ትገልጽ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ባድር ኣብደለጢ ብሰንበት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ንወሸመጥ ቓዛ ዳግማይ ንምህናጽ ዘለዋ መደብ ሎሚ ሰሉስ ኣብ ካይሮ ኣብ ዝካየድ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራት ዓረብ ከተቕርቦ ምዃና ሓቢሩ።

እቲ ናይ ዳግመ-ህንጻ መደብ ፍልስጤማውያን ኣብ ሃገሮም ንኽነብሩ ከምዘሕግዞም'ዩ ሚኒስተር ባድር ዝገለጸ ዘሎ።

ሃገራት ዓረብ ነቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብ4 ለካቲት ዘውጽኦ ቓዛ ናይ ምቁጽጻርን ፍልስጤማውያን ካብ ናብ ዝተፈላለያ ጎረባብቲ ሃገራት ፋሕ ናይ ምባልን እማመ ብቀጥታ እያን ነጺገንኦ።

ባድር ዓብደለጢ፡ ግብጺ ነዚ ናይ ዳግመ-ህንጸት መደብ ንኸተሰላስል ዓለምለኻዊ ደገፍን ሓገዝን ከምዝደልያ ብምጥቃስ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ከኣ ኣብዚ መደብ ምውላ ብምግባር ኣገዳሲ ተራ ክጻወታ ጸወዒት ኣቕሪቡ።

ንሱ ኣሰዒቡ፡ እቲ ግብጺ ኣዳልዩቶ ዘሎ ናይ ዳግመ-ህንጻ መደብ ኣብ ዋዕላ ሃገራት ዓረብ ወግዓዊ ተቐባልነት ምስረኸበ፡ ምስ'ተን ገዚፍ ፖለቲካዊ ሓገዝ ከበርክታ ዝኽእላ ሃገራት ዓሚቕ ዝርርብ ክካየደሉ ከምዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ምስ ኮሚሽነር ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝተኻየደ ጋዜጣዊ ዋዕላ ገሊጹ።

ቀዳማይ ገጽ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ሓማስን መንግስቲ እስራኤልን ዝተበጽሐ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብቒዑ እዩ።

እዚ ብሕጂ ክቕጽል ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ካልኣይ ገጽ ናይቲ ስምምዕ ከኣ፡ ዋላ ተሰሪሑ ዘሎዎ እንተዘይመሰለ፡ ብሰናይ ተበግሶን ፖለቲካዊ ውሳኔን ግን ክፍጸም ከምዘኽእል እዩ እቲ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ዝጠቐሰ።



ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ ድሕሪ እቲ ሎሚ ሰሉስ ብሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ውድብ እስላማዊ ሕብረት ዝካየድ ዋዕላ፡ ነቲ ወጻኢ ዘሎ ናይ ዳግመ-ህንጸት መደብ ብጽፋፍ መንገዲ ንዓለም ንምቕራብ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ተወሳኺ ህጹጽ ርክብ ክካየድ ምዃኑ ሓቢሩ።

## ዩጋንዳ - ካልኣይ ሰብ ብቫይረስ ኢቦላ ሞይቱ

ኣብ ዩጋንዳ ኣብ ቀረባ ግዜ ብዘጋጠመ ሓዳሽ ለበዳ ቫይረስ ኢቦላ፡ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ምዃኑ ዝተገልጸ ቁልዓ ከምዝሞተ ተገሊጹ።

በዚ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ካብ ዘጋጠመ ብቫይረስ ኢቦላ ዝሰዓበ ሞት፡ ካልኣይ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

መንግስቲ ዩጋንዳ ኣብ ጥሪ 30 2025 እዩ ኢቦላ ኣብ ሃገሩ ከምዝተራእየ ብወግዒ ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ሰሉስ፡ በቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ 10 ሕሙማን ክርከቡ ከለዉ፡ ቅድሚ እቲ መንግስቲ ንህላወ'ቲ ቫይረስ ኢቦላ ኣመልኪቱ ዘውጽኦ ወግዓዊ መግለጺ፡ ሓደ ኣላይ ሕሙም በዚ ቫይረስ ተለኺፉ ከምዝሞተ ጸብጻብ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር የመልክት።

ሚኒስትሪ ጥዕና ዩጋንዳ ብቫይረስ ኢቦላ ተጠቒዖም ኣብ ትሕቲ ጽዑቕ ሕክምናዊ ክትትል ካብ ዝጸንሑ ልኡኻት፡ እቶም ሽሞንተ ሓውዮም ከምዝተፋነዉ ብምጥቃስ፡ ምስ'ቶም ግዳያት ርክብ ከምዝጸንሖም ዝተገልጹ 265 ውልቀ-ሰባት እውን ኣብ ካምፓላ ዝርከብ ናይ ውሸባ ማእከል ክትትል ይካየደሎም ከምዘሎ ሓቢሩ።

ዩጋንዳ ንመበል ሻድሻይ ግዜ እዩ ለበዳ ቫይረስ ኢቦላ ዝርኣየላ ዘሎ።

እዚ ሓድሽ ለበዳ ቫይረስ ኢቦላ፡ በቲ ክሳብ ሕጂ ወግዓዊ ክታበት ዘይተረኽቦ 'ኢቦላ ቫይረስ ሱዳን' ዝሰዓበ ምዃኑ ሰብሞያ ጥዕና ይገልጹ።



## ሰራዊት ዩጋንዳ፡ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኮንጎ ተዋፊሩ

ሰራዊት ዩጋንዳ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ እትርከብ ከተማ 'ማሃጊ' ዓሲከሩ ዝነበሩ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ንምድምሳስ፡ ናብ'ቲ ከባቢ ሰራዊት ከምዝዋፈረ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ጉዳያት ምክልኻል ዩጋንዳ ፍሊክስ ኩላዪግዬ፡ ሰራዊት ዩጋንዳ ነቲ ናብ ሰፊሕ ውግእ ከይምዕበል ተሰጊኡ ዝነበረ ግጭት ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዘውዓሎ፡ ኣብ'ቲ ንመደበር ዜና ፈረንሳ ዝሃቦ መግለጺ ጠቒሱ።

ሰራዊት ኮንጎ፡ ድሕሪ'ቲ ብ'ተራድኦኣዊ ንምዕባለ ኮንጎ (CODECO) ዝፍለጥ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ ንጹሃት ዜጋታት ዝፈጸሞ ጃምላዊ ቅትለት'ዩ ንመንግስቲ ዩጋንዳ ኣብ'ቲ ቦታ ሰራዊቱ ክሰፍር ምሕጽንታ ኣቕሪቡሉ።

ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት፡ ምስ ዕጡቕ ጉጅለ 'ተራድኦኣዊ ንምዕባለ ኮንጎ' ምትሕሓዝ ከምዘለዎም ዝተገልጹ ካልኦት ዕጡቓት፡ ኣብታ ምስ ዩጋንዳ ኣብ ዝዳወብ ዞባ 'ኢቱሪ' እትርከብ ከተማ 51 ሰባት ከምዝቐተሉ፡ ውሽጣዊ ምንጭታት እታ ሃገር ሓቢሮም። እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ንደቂ'ታትን መሰልን እቲ ብሓረስቶት ዝቖመ ማሕበረሰብ 'ለንዱ' ብምሕላው፡ ኣንጻር እቲ ብምርባሕ ከብቲ ህይወቱ ዝመርሕ ማሕበረሰብ 'ሄማ' ከምዝምክት እዩ ዝገልጽ።

እቶም ኣብ ምብራቓዊ ኮንጎ እናስፋሕፍሑ ዝኸዱ ዘለዉ ሓይልታት ዩጋንዳን ርዋንዳን፡ ናብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ከምርሑ ከምዝኽእሉ ተንተንቲ ፖለቲካ የጠንቕቑ።

ዩጋንዳ ኣቐዲማ ምስ መንግስቲ ኮንጎ ብዝተኻየደ ስምምዕ ኣሽሓት ወተሃደራታ ኣብ ዞባ ኢቱሪ ኣዋፊራ ትርከብ።



## ሱዳን - ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ብሸርጣን ተጠቒዖም

ኣብ ዞባ ጻዕዳ ፈለግ ኒል - ሱዳን፡ ካብ ፈለማ ናይ'ዛ ዓመት እዚኣ ንነጀው ጥራሕ ልዕሊ 2,700 ሰባት ብሕማም ሸርጣን ክጥቅዑ ከለዉ፡ ካልኦት 10 ቆልዑ ዝርከብዎም 65 ሰባት ከኣ ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ማዕከን ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሰፍ)፡ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ሱዳንን ካልኦት መሻርኽትን ብምዃን ኒቲ ኣብ ልዕሊ 1 ሚልዮን ሰባት ኣዕቀብ ዝርከብ መዓስከር ክርእ ዝኽእል ለበዳ ንምግታእ፡ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ምህላዉ ኣመልኪቱ።

ህዝቢ ጻዕዳ ፈለግ ኒል፡ ብሰንኪ'ቲ ዝቕጽል ዘሎ ውግእ ሓድሕድ ዘጋጥሞ ዘሎ ምቁራጽ ቀረብ ጸዓት፡ ካብቲ ፈለግ ውሕስነቱ ዘይተረጋገጸ ማይ ክሰቲ ስለዝተገደደ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርጋሐ ሕማም ሸርጣን ይሰፍሕ ምህላዉ ይሕብር።

ዩኒሴፍ፡ ኣብቲ ከባቢ 150 ሽሕ ህዝቢ ጽሩይ ማይ ክረኽብ ዘኽእል መሳለጥያታት ከቕርብ ከሎ፡ ንልዕሊ 1 ሚልዮን ህዝቢ ክታበት ጸረ-ሕማም ሸርጣን ምሃብ ከኣ ጀሚሩ ከምዘሎ ገሊጹ።

እዚ ብወግዒ ኣብ ነሓሰ 2024 ከምዝጀመረ ዝተገልጸ ሕማም ሸርጣን፡ ኣብ 12 ዞባታት ሱዳን ንልዕሊ 55 ሽሕ ሰባት ክለክፍ ከሎ፡ ካብኣቶም እቶም 1,500 ከምዝሞቱ ጸብጻብ የመልክት።



## ሶማል - ልዕሊ 40 ዕጡቓት ኣል-ሸባብ ተቐቲሎም

ሃገራዊ ሰራዊት ሶማልን መሻርኽቱን ኣብ ዞባ ሂርሸበለ ኣብ እትርከብ 'ኤል ባራፍ' ዝተባህለት ከተማ ኣብ ዘካየድዎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ምስ ኣል-ቃዒዳ ምትእስሳር ከምዘለዎም ዝተገልጹ ልዕሊ 40 ኣባላት ጉጅለ ኣል-ሸባብ ከምዝቐተሉ፡ ሃገራዊ መደበር ተለቪዥን ሶማል ሓቢሩ።

በዚ ብመጥቃዕቲ ኣየር ዝተሰነየ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ዋናት ኣል-ሸባብ ዝኾና ብርክት ዝበላ ተሽከርከርቲ ከምኡ'ውን ኑቶማቲ እውን ከምዝተቓጸላ እቲ መደበር ዜና ወሲኹ ገሊጹ።

ኣብ'ታ ሃገር ንዝንቀሳቐስ ዕጡቕ ጉጅለ ኣል-ሸባብ ንምጥፋእ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኣብ ምድንፋዕ ዝርከብ ሰራዊት ሶማል፡ ኣብዚ ቀረባ እዋናት በቲ ሽበራዊ ጉጅለ ተታሒዞ ንዝጸንሐ ሰፊሕ ከባቢታት ሶማል ሓራ ከውጽእ ከምዝኸኣለ'ዩ ዝነገረሉ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ኣብ ብትከተ-ጽግያት ከም ዝኣተኹ ብኸመይ እፈልጥ?

ወርሓዊ ጽግያት ደቂ ኣንስትዮ ብተፈጥሮ ካብ ዝተዓደለን ጸጋታት ሓደ እዩ። ሓንቲ ጓል'ስተይቲ ኣብ ከባቢ ዕድመ 12 እንተደንየየት ኣብ 13 ዓመት ዕድመ ምስ በጽሐት፡ ክትፈሪ ከም እትኽእል ዘርኢ ምልክት ግርዘውና ዝኾነ ወርሓዊ ጽግያት ክመጽኣ ይጅምር። እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዚ፡ እታ ጓል'ስተይቲ 40 ዓመት ዕድመ ምስ በጽሐት ስሩዕ ዑደቱ የቋርጽ። ምቁራጽ ዑደት ወርሓዊ ጽግያት፡ ብትከተ-ጽግያት (menopause) ይበሃል። ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ እታ ጓል'ንስተይቲ ክትፈሪ ኣይትኽእልን እያ።

ሓንቲ ጓል'ንስተይቲ፡ ዝኾነ መድሃኒት ወይ ፍወሳ ከይተጠቐመት ወርሓዊ ጽግያት ከይመጽኣ 12 ኣዋርሕ ምስ እትገብር፡ ኣብ ደረጃ ብትከተ ጽግያት ኣትያ ክንብል ንኽእል።

ኣብ ግዜ ለይቲ ምርሃጽ ሓደ ካብ'ቲ ልሙድ ምልክታት ኣብ ዕድመ ብትከተ ጽግያት ናይ እትኣቱ ዘላ ጓል'ንስተይቲ እዩ።

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዘርኢ ክኸውን ዝኽእል ሓያሎ እንቋቑሖ ሒዘን እየን ዝፍጠራ። እቶም እንቋቑሖ ኣብ ማህደረ እንቋቑሖ እዮም ዝኽዘኑ። ማህደር እንቋቑሖ 'ኢስትሮጅን' (estrogen) ከምኡ'ውን 'ፕሮጀስትሮን' (progesterone) ዝበሃሉ ሆርሞናት የዳሉ። እዞም ሆርሞናት ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ንዝመጽእ ወርሓዊ ጽግያት ይቆጻጸሩ። ዘርኢ ክትከውን ዝዓለወ እንቋቑሖ (ovulation) ድማ ይልእኩ። እቲ ማህደር እንቋቑሖ፡ ዘርኢ ክትሕዝ እትኽእል እንቋቑሖ ኣዳልዩ ምስ ዘይልእኽ፡ ብትከተ-ጽግያት የጋጥም። ኣብ'ዚ፡ ምምጻእ ወርሓዊ ጽግያት ደው ክብል ግድን ይኸውን።

ብትከተ-ጽግያት ብደረጃ ዕድመ ክርኢ እንከሎ ካብ 40 ዓመት ንደሓር የጋጥም። ኣብ ገለኣን እቲ ብትከተ-ጽግያት ኣቐዲሙ ክመጽእ ይኽእል እዩ። እዚ ብሰንኪ መጥባሕትን ካልእ ፍወሳን ክኸውን ይኽእል። ብትከተ-ጽግያት ብዙይ ዝኾነ ምኽንያት ቅድሚ 40 ዓመት ዕድመ ምስ ዘጋጥም፡ 'መዓልቱ ዘይኣኸለ ብትከተ-ጽግያት' ተባሂሉ ይግለጽ።

### ምልክታት

ናብ ብትከተ-ጽግያት ዝቐረባ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መብዛሕትአን ተደጋጋሚ ኣካላዊ መቐት ይሰምዐን። እቲ መቐት ዝያዳ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ሰብነተን ኮይኑ ተደጋጋሚ ክርሀጻን ቆርበተን ክቐይሕን ይርኣ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፦

- እቲ ወርሓዊ ጽግያት ዘይስሩዕ ሓንሳብ'ውን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ከይመጸ ይጸንሕ፤
- ርሕሚ ክቕጽ ይርኤ፤
- ቃንዛ ጡብ፤
- ቀቀልጢፍካ ክትሽይን ምድላይ፤
- ጸገም ኣብ ድቃስ፤
- ናይ ባህሪ ለውጢ ምርኣይ፤
- ምንቃጽ ቆርበት፡ ዓይንን ኣፍን ወዘተ የጋጥም።

### ድሒርም ዝመጽኡ ምልክታት

- ድኻምን ረሸሽ ምባልን፤
- ጸቕጢ፤




- ልዑል ህርመት ልቢ፤
- ሕማም ርእሲ፤
- ቃንዛ መላግቦን ጭዋዳን፤
- ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፤
- ምርጋፍ ጸጉሪ ርእሲ፤
- ድሌታት ስጋዊ ርክብ ምዕባይ ወዘተ እየም።

### ደረጃታት ብትከተ-ጽግያት

ብተፈጥሮ፡ ምስ ግዜ ባዕሉ ዝመጽእ ብትከተ-ጽግያት ሰለስተ ደረጃታት እዩ ዘለዎ።

ቅድመ ብትከተ-ጽግያት፦ እዚ እቲ ጽግያት ምስእ ብምስእ ቅድሚ ምቁራጹ ኣብ ዘሎ ገለ ዓመታት እዩ ዝርአ። ኣብዚ እቲ ማህደር እንቋቑሖ ውሑድ 'ኢስትሮጅን' ሆርሞን እዩ ዘፍሪ። ከምኡ እናበለ ድማ ክሳብ ብትከተ-ጽግያት ይጸንሕ። ብትከተ-ጽግያት ከጋጥም እንከሎ ግና እቲ ማህደር እንቋቑሖ ምስእ ብምስእ እንቋቑሖ ኣዳልዩ ዝርኢ ካብ ምልኣኽ ደው የብል። ምልክታት ናይ ብትከተ-ጽግያት ድማ ብኡ ንብኡ ክረኣዩ ይጅምሩ።

ብትከተ-ጽግያት፦ ኣብዚ፤ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ወርሓዊ ጽግያት ከይመጸ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝጸንሕ እዩ። እታ ጓል'ስተይቲ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ኣትያ ዝበሃል።

ድሕረ ብትከተ-ጽግያት፦ እዚ ደረጃ'ዚ ብትከተ-ጽግያት ካብ ዝተሰልየሉ እዋን ንደሓር ዝሎ ዕምሪ ናይታ ጓል'ስተይቲ እዩ ዘመልክት። ኣብዚ እታ ጓል'ስተይቲ ከም ምሐር ረሰኒ ሰብነትን ረሃጽን ዝኣመሰለ ምልክታት ተርኢ። ምጉዳል ናይ ሆርሞናት 'ኢስትሮጅን' ድማ ምስ ዕድመ ኣብ ጥዕናኣ ጉድኣት ከውርደላ ናይ ዘለዎ ተኽእሎታት እናዛየደ ይኸይድ።

### ቀዳሞ ዘጋጥም ብትከተ-ጽግያት

ባህሪ ናይታ ጓል'ስተይቲ፡ ንኣብነት ምምዝዕብ ኣብ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ክኸውን ይኽእል፡ ብትከተ-ጽግያት ቀዳሞ ክመጽእ ካብ ዝገብር ጠንቅታት ሓደ እዩ። ካልኦት ካብቶም ጠንቅታት ንምዝርዛር፦

- ምድካም ማህደረ እንቋቑሖ (ovarian failure)፦ ማህደር እንቋቑሖ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ዝርኢ እትኸውን እንቋቑሖ ካብ ምልኣኽ ከቋርጽ ይኽእል። ኣብዚ መጠን ናይቶም 'ኢስትሮጅን'ን 'ፕሮጀስትሮን'ን ዝበሃሉ ሆርሞናት ምዝንባዕ ኪጋጥም ንቡር እዩ ዝኸውን። እዚ ክስተት'ዚ እታ ጓል'ስተይቲ 40 ዓመት ዕድመ ቅድሚ ምእካላ ምስ ዘጋጥም ምድካም ማህደረ እንቋቑሖ ቅድሚ ግዜኡ ኣጋጢሙ ይበሃል።

- ብደጋዊ ድፍኢት ዝመጽእ ብትከተ-ጽግያት (Induced menopause)፦ ኣብዚ ብሕክምናዊ ምኽንያት ማህደር እንቋቑሖ ከም እትወጽእ ይግበር። ብጸርግን ኬሚካላዊ ፍወሳን ማህደር እንቋቑሖ ከም እትዓኑ'ውን ይግበር እዩ።

ምልክታት ብትከተ-ጽግያት ንኽንደይ እዋን እዩ ዝጸንሕ?

ብትከተ-ጽግያት ካብን ናብን ደቂ-ኣንስትዮ ይፈላለ እዩ። ብሓፈሻኡ ቅድመ ብትከተ-ጽግያት ዝርአ ምልክታት ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ክርአ ይኽእል እዩ።

### ለውጢ ኣብ ኣካብራ

ኣብ ኣካብራ ለውጢ ብምግባር ሓያሎ ደቂ-ኣንስትዮ ነቲ ዘጋጥመን ምልክታት ክብድህኦ ይረኣያ እየን። ስለዚ ንሸኺ'ውን ዝም ሰዒቦም ዝረኣዩ ነጥብታት ክተቕልብሎም ይግባእ፦

- ልዑል መቐት ምስ ዝስመዓኪ ዝሕል ዝበለ ማይ ክትሰትዪ ይምረጽ። ፊኮስ ክዳን ክትወድዩ ጽቡቕ እዩ። ገዛኺ እኹል ንፋስን ኣየርን ክኣትዎ ከም ዘለዎ ኣስተብህሊ።

- ጽሬት ኣካላትኪ ብዋዕእ ክትሕልዊ ይግባእ። ጽሬት ርሕምን ከበቡን ምሕላው ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

- እኹል ድቃስ ክትረኽቢ ምውሰዋስ ኣካላት ኣዘውትሪ። ምውሰዋስ ኣካላት ብዝተፈላለዩ ካልኦት ሕማማት ክትጥቃዒ ዝለኪ ተኽእሎታት ኣብ ምጉዳል'ውን ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

- ማሕበራውን ኣእምሮኣውን ንጥፈታትኪ ከተበርኺ ይግባእ። እዚ ድሒሩ ብኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ጭንቀትን ክትጥቃዒ ዘለኪ ተኽእሎታት የጉድሎ እዩ።

- ሽጋራ ዘይምትካኽ። ምትካኽ ሽጋራ ብትከተ-ጽግያት ኣብ ዘይግዚኡ ክመጽእ ጠንቂ ክኸውን ከም ዝኽእል ይንገር።

- ኣመጋግባኺ ስሩዕን ዝተመጣጠነን ክኸውን ይግባእ። ክብደት ሰብነትኪ ብዋዕእ ክትቆጻጸሪ ከም ዘለኪ'ውን ኣይትዘንግዒ።

### ድሕሪ ብትከተ ጽግያት ዘጋጥሙ ሕልኽላኻት

ኣብ ንጽፈ-ጽግያት ዝረኣዩ ሆርሞናዊ ለውጥታት፡ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዘቃልዐን ክኢላታት ይገልጹ። "ኢስትሮጅን ኣብ ኣካላትና ንዝቶየድ ሓያሎ ንጥፈታት እዩ ዝዕቅብ - ንንጥፈታት ኣእምሮ፡ ቆርበት፡ ኣዕጽምቲ፡ ልቢ ወዘተ" ይብሉ ተመራመርቲ።

**- ሕማም መንጋጋን ስንን**

ሕማም መንጋጋን ስንን፡ መጠን ናይ 'ኢስትሮጅን' - ማለት ጽታዊ ኣካላዊ ከዊ- እናንቀልቀለ ምምጽኡ፡ ኣብ'ታ ጓል'ንስተይቲ ተደጋጋሚ ምምሽማሽ ኣስናንን ቃንዛ ግርጸንን ኪጋጥማ ንቡር እዩ። ስለዚ ልዕሊ ማንም ካልእ እዋን ግቡእ ኣተሓሕዛ ጽሬት ኣፍ ከም ዘድልያ ክትዝንግዖ የብላን። ኣብ ድሕረ ንጽፈ-ጽግያት ዝርከባ ደቀንስትዮ፡ ኣፈን ብተደጋጋሚ ክደርቅ ስለ ዝርአ ምቅጻልን ሱላን ናይ መንጋጋ ይረኣየን እዩ። በዚ ድማ ጥዕማ ናይ መግቢታት ኣብ ምልላይ ክሽገራ ከም ዝረኣያ ክኢላታት ይሕብሩ።

**- ምቁርራጽ እስትንፋስ ኣብ ድቃስ**

ምቁርራጽ እስትንፋስ ኣብ ድቃስ፡ ኣብ ግዜ ድቃስ ዝርአ ምዕባስን ምቁርራጽ እስትንፋስን ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ዝያዳ ጌሩ ከም ዝርአ ክኢላታት የመልክቱ። እዚ ጸገም'ዚ ብሰንኪ ምንቁልቋል ፕሮጀስትሮን (progesterone) - ናይ ጥኣሲ ሆርሞን - ዝኸሰት እዩ። እዚ ዓይነት ጸገም'ዚ ድማ፡ ብቐሊሉ ክፍወስ ከም ዘይክእል እዮም ሓኪይም ዘመልክቱ። ብሳዕቤኑ ምድንዛዝ፡ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ፡ ተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፡ ጭንቀትን ካልእ ጸገማትን የኸትል።

**- ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን**

ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ዝርከባ ደቀንስትዮ ብሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ክጥቅዓ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ትሑት መጠን 'ኢስትሮጅን'፡ ተጻዋርነት ኢንሱሊን ናይ ሰብነት ከም ዘወስኽ እዩ ዝንገር። ሓንቲ ድሕረ ንጽፈ-ጽግያት ዝኣተወት ጓል'ስተይቲ ብቐጻሊ ሕክምናዊ መርመራ ከተካይድ ከም ዘለዋ ሓኪይም ይመኽሩ።

**- ሕማም ልቢ**

ሕማም ልቢ፡ ቅድመ ብትከተ-ጽግያት ብማህደረ እንቋቑሖ ዝፈርዩ 'ኢስትሮጅን' ንጥዕናና ኣገደስቲ ዝኾኑ 'HDL' ኮሌስትሮል ብልዑል ዓቐን ከፍርዩ እንከለዉ፡ ነቶም ሓደገኛ ኮሌስትሮል 'LDL' ግና ብዙሕ ከም ዘይፈርዩ ይገብርዎም። በዚ፤ እታ ጓል'ንስተይቲ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ንኸይትጥቃዕ ይሕግዛ። በንጻሩ ምጉዳል ክዕታት ኢስትሮጅን፡ ድሕሪ ምቁራጽ ጽግያት ዘጋጥም'ዩ ነታ ጓል'ስተይቲ ንሕማም ልቢ ዝተቓልዐት ይገብራ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሓንቲ ካብ ሽዱሽተ ጽግያት ዘቋረጸት ጓል'ንስተይቲ ብሕማም ልቢ ዝተጠቕዐት እያ። ሽጋራ ዘይምትካኽ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ምዝውታር፡ ምውሰዋስ ኣካላት ምኽያድ ገለ ካብቶም ድሕረ ምቁራጽ ጽግያት ደቂ ኣንስትዮ ክድህባሉ ዝግባኦም ሜላ መንበሮ እዩ።

**- ጸገም ስርዓት ሽንቲ**

'ኢስትሮጅን'፡ ኣብ ምቁጽጻር ስርዓተ-ሽንቲ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ንጭዋዳታት ፍሕኛ ሽንቲ ብምሕያል ናይ ምጭጣጥን ምምጣጥን ዓቕሙ ከም ዝዕቅብ ይገብር። ኣብ መናድቕ ሻምብቆታት ሽንቲ ንዝእከቡ ታህዋስያን (ባክተርያ) ብቐሊሉ ከም ዝወጽኡ ስለ ዝገብርም ድማ፡ እታ ጓል'ንስተይቲ ኣብ ስርዓት ሽንቲ ከጋጥማ ዝኽእል ረኽሲ ዝተሓተ ይኸውን። በንጻሩ ዓቐን 'ኢስትሮጅን' እናንገደለ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን፡ ንረኽሲ ዝተቓልዐት ትኸውን። ኣብ 2013፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብተን ንመጽናዕቲ ዝተሓርያ ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓደ ርብዒ ብረኽሲ ስርዓት ሽንቲ ዝተጠቕዓ ኮይነን ተረኺበን። ነቲ ኪጋጥም ዝኽእል ጸገም ንምእላይ እተን ደቂ ኣንስትዮ ምውሰዋስ ኣካላት ከዘውትራ፡ ብብዝሒ ፈሳሲ ክሰትያን ኣካላዊ ጽርየት ክሕልዋን ከም ዘድሊ ሓኪይም ይመኽሩ።

**- ምህማክ ዓጽሚ**

'ኢስትሮጅን' ጸዕቕን ድልዱልን ኣዕጽምቲ ኣብ ምዕቃብ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ጽግያት ዘቋረጻን ደቂ ኣንስትዮ ንምህማክ ዓጽሚ (osteoporosis) ዝተቓልዓ ምዃነን ሓኪይም ይገልጹ። ካብ 20 ክሳብ 30 ሚእታዊት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርኤ ምህማክ ኣዕጽምቲ ኣብ ቀዳሞት ሓሙሽተ ዓመታት ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ይርኣ። ስለዚ፤ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ትሕዝቶ ካልሸዩም ዘለዎም መግብታት ክወስዳ ይምከራ። ምጡን ክብደት ሰብነት ክውንና ምውሰዋስ ኣካላት ከዘውትራ፣ ዝወስድኦ መጠን ሽኮር ክጉድላ ይግባእ። ኣልኮላዊ መስተን ቡንን ካብ ኣዕጽምቲ ካልሸዩም ልሒጹ ናይ ምውጻእ ባህሪ ስለ ዘለዎ፡ ብብዝሒ ክወስድኦ ኣይግባእን።

ምንጪ፦ webmd

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ-ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያዊያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ቀላሕታ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:30 | ፊልም ቻይና |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሸዕበት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ-ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

## ክብሪ ንሰብ ግብሪ

ኢሃብ ግርማይ

ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ሰብ፡ ደድሕሪ ኻሲ-ወከፍ ዝተወልዕት ደርፊ፡ "እዋእ! እዚአ ናቱ'ያ" ክብሉ ምስ ሰማዕኩ፡ "ዘይናቱስ ናተይ ኢሉ ኣይመሰየምዋን" በልኩ ብልበይ። ዘገርምም ዝነበረ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት፡ ንዓይ'ውን ዝሓደገለይ የብሉን። ኣጸቢቐ እፈልጦ'የ ንዝብሎ ሰብ፡ ዕዮታቱ ብዝርዝር ምስ ቀረበ፡ ከም ዘይፈልጦ እየ ፈሊጠ፡ ዝገበርካ ዘይብልካ ንሰብ ወዕሎ ከተናሹ ጸሊሕካ፡ ዕዮታቶም ደሚቑ ምስ ወጽአ ትሓጎኽ ኢኻ፡ ከምኡ'ዩ ናይ ህይወት ነገር። ከምቲ ሓጥያትን ገዝዐን ተዋህላለይ ዝተባህለ፡ ብዑኡዋይ ዘንጠበዮ ዕዮ ስነ-ጥበብ ደማ ተዋህላለይ እዩ። ምውህላሉ ግን መኣዘነ ዝተረኽበ ዘይረትዐ መኻዝን ብሉጽ ስራሕ እዩ ዝኸውን።

ዘዘርጋዚ ዘሎ፡ ናይ ገለ ስነ-ጥበበኛታት ውዕሎት፡ ልዕሊ ትጽቢት ብዙሓት ኣስተማቕርቲ ከም ዝጸንሐ ንምእንፋት እዩ። እዚ ተጓንፎ'ዚ ደማ ዝሓለፈ ዓርቢ፡ 28 ለካቲት፡ ኣብ ሲነማ ሮማ ተጋህደለይ። ኣብ ዝተፈላለየ መደብ መመረቕታ መጽሓፍ ተሳቲፈ'የ። ኩቱ ፍሉይነት ደማ ረኺበሉ። ገሊኡ ግን ወጻኢ ዝበሉ ንብዙሓት መወከሲ ክኸውን ዝኽእል ትሕዝቶ ኣለዎ።

ካብ ኣርእስቲ ናይታ መጽሓፍ ጀሚርካ፡ ብዙሕ ካብቲ ግጥምታት (ናይ ንዑብን ናይ ደርፍን) ኣብ እዝንና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መንፈስና'ውን ዝሰረጸ እዩ። "ኣይሞተን መርሃዊ" እትብል ህቡብቲ ግጥሚ፡ ኣብ ዝኸሪ 20 ሰነ ተሓቲማ ናብ ህዝቢ ትዝርጋሕ ዝነበረት ዝናዊት ግጥሚ'ያ። ብዙሕ ግዜ ኣንቢበያ። ብዙሕ ነገር ከኣ ኢሉትኒ። ኣርእስቲ ናይታ ዓርቢ ምስ ኣንበብቲ ዝተላለየት መጽሓፍ ግጥምታት ስነ-ጥበበኛ ሰለሞን ድራር ደማ'ያ። ኣብቲ መደብ ምስ ዕዮታት ሰለሞን ከሎልየኩም ተባሂሉ ተተቆናጪሉ ዝቐረበ ደርፍታት እዩ ኑየም ኣብ ጉድኒይ ዝነበሩ፡ ማማስ ዝመጽኣት ደርፌ "እዋእ! እዚአ ናቱ'ያ" ዘበሉም። ሓቆም'የም። ብፍላይ እቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝፈረየ ደርፍታት መን ከም ዝደረሶ ብውፁ ስለ ዘይግለጽ፡ እንትርፎ ሰራሕቶን ብቐረባ ኣብቲ ዕዮ ዝተሳተፉን እቲ ዝጠዝለ ሰማዒ ናይ ኩሰቶ እዩ ክብሎ ኣይክእልን'ዩ። ኑቲ ደራፊ'ምበር ኑቲ ገጣምን ዚያምኣሲ ክፈልጦም ኣይክእልን።

ኣቐድም ኣብሊ፡ ሰለሞን ጸሓፊ "ሳሕል" ዝብል ኣርእስቲ ዝዝኡ ዝጠዝሐ ናይ ደርፊ ግጥምታቱ ዝሓዘ መጽሓፍ ኣሕቲሙ ነይሩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ደማ ማና ተሰፋዝጊ "ኣውሮራ" ዝሰመዮ ተመሳሳሊ መጽሓፍ ግጥምታት ኣሕቲሙ። እንሆ ደማ ሕጂ ሰለሞን ኑቲ ኣርኪቶ ተጸንቢሩዎ። እዚ መጻሕፍቲ'ዚ ኣጉዳሲ ዝኾኑ፡ ብቐንዱ ኑቲ ቃና "ሃገራዊ መኸተ" ዝመሰለዩኡ ስነ-ጥበብ ሃገርና ስለ ዝሰነድ ወይ ዝወቅል'ዩ። ትማሊ ኣብ ገድሊ፡ ደሓር ኣብ ናጽነት፡ ኣብ ምክልኻል ሃገር፡ ኣብ ልምዓትን ህንጸትን ሃገር . . . ኣተኩሩ ዝፈረየ ዕዮታት ስነ-ጥበብ፡ ከም መዳፍፅን ልዕልኡን "ኣብ ልዕሊ ጸላኢ መርዘዘ ኣብ ልዕሊ ወገን ደማ ሓጠን" ፈጢሩ'ዩ። ሕጉን ንያት መኸተ ብምብራኽ ደማ ኣብ ሓፋሽ ሓብራዊ መረዳእታ ኣሰሪጹ። ከምቲ ሰለሞን ድራር ኣብ መመረቕታ መጽሓፉ ዝበሎ፡ እታ "ተወሲደላ" ዘርእስታ፡ መሉጊታ በዩን (ወዲ ዛግር) ዝደርፉ ዕዮኡ ኣብ ኑሓሰ 1988 ኣብ ሱዳን ምስ ቀረበት፡ ዝተዓለዋ መካን ምኽኣል ክሰዕ ዝሰእናኦም መንእሰያት ናብ ገድሊ ተሰሊፎም። እታ ግጥሚ፤

ጎዱፉ ዘይቀብር ጸሪጉ ሕዝዛ
እሾኻ ዘይነቅስ ከጥፍኡ ቃዝዛ
ሕቑኦም ዘደልድል ጀጋኑ ደቃ
ተወሲደላ ምባል የብሉን ጣቂ።

መን ባህ ኢሉዎ ከርተት ዓዲ ጓና
መዝከ ክሕገስ ሃገር ኮይና ዐና
ፍትሒ ናጽነት ካብ ኮነ ትምኒትና
ቀሳጽምና ነልዕል ዕንይንይ ከይበልና።

ሓሊብ ኣልቦዩ ዘይኣንሰሰ
ኣይገምድን ቅጫ ዘይሓረሰ።




ምስ ኣርእስቲ መጽሓፍ - "ኣይሞተን መርሃዊ" - "45 ዓመት ቃና ጽንዕ እምነት" ዝብል መሬኽር ወይ ጥቕሲ ንርክብ። ደራሲ ናይቶም ግጥምታት፡ ካብታ ቀዳመይቲ ኣሰፊሩዋ ዘሎ "ኣንበሳ በረኻ" ዘርእስታ፡ ኣብርሃት ኣንክረ (ጓል ኣንክረ) ኣብ ገድሊ ዝደረፈታ፡ ክሳዕ'ታ "ርእሲ" ዝሰመያ ኣብ መወዳእታ ዘላ ናይ ንዑብ ግጥሚ፡ ኣብዚ 192 ገጻት ዘለዋ መጽሓፍ፡ 82 ግጥምታት ኣሰፊሩ'ሉ። እዚ ኣሃዝ'ዚ ካብቲ 200 ዝኸውን ግጥምታቱ ተሓሪዩ ዝቐረበ ምኻኑ ሰለሞን ይሕብር። ደራሲ፡ ከመይ ኢሉ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ናብ እንዳ ሰንክላን ከም ዝኸደን ካብኡ ናብ ባህሊ ውድብ ንኽስሓብ ዝተጓዕዞን ዝሰዓበ ተመክሮኡን ኣብ መቕድም ኣሰፊሩዎ ኣሎ።

"ቃና ጽንዕ እምነት" እቲ ናይ መኸተ ቃና እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ ደማ ኣመና ፍሩያትን ልሉያትን ደርፍታት መኸተ ቃልስን ምክልኻል ሃገርን ቀሪቦም ኣለው። ካብዞን ኣብ ቀዳማይ ክፋል ሰፊረን ዘለዋ ቅድሚ ናጽነት ዝተገጥማ 11 ግጥምታት ደርፊ ገለ ንምጥቃስ፤ "ዓወት ቀሪባ"፡ "መትከል ሓያል"፡ "መጻኢኩ በሎ"፡ "ክብረትና"፡ "ወጋሕታ እዩ ነይሩ"፡ "መን ኢኻየ"። እዘን ደርፍታት እዚኣተን ብዓበይቲ ደረፍቲ ሰውራ ዝቐረባን ኣብ ልቢ ሰማዒ ዝሓደራን እየን። ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይቲ መጽሓፍ፡ ድሕሪ ናጽነት ካብ ዘፍረዮ፡ 71 ግጥምታት ኣቕሪቡ'ሎ። ካብዚኣተን'ውን ገለ ንምጥቃስ፤ "መርሃዊ"፡ "ኣይሞተን መርሃዊ"፡ "ሓደ ልቢ"፡ "ብርሃንዛ ቤትና"፡ "ኣደሃ"፡ "ክኸውን'ዩ [ከመይ ዘይኸውን]"፡ "ንኽድ ጥራይ"፡ "ዘውዲ ሓርነት"፡ "ዓዲ ማሕላ"፡ "ከዋኽብቲ ጥበብ"፡ ወዘተ። እዚኣተን'ውን ብዓበይቲ ደረፍቲ ሰውራን መንእሰያትን ዝቐረባ ልሉያት ደርፍታት እየን።

እዚ ደርፍታትን ግጥምታትን'ዚ፡ ኣብ መመድረኹ ወጻኢ ዝበለ ጥበባዊ ክብሪ ዝረኸበ'ዩ። "ካብዞም 82 ግጥምታት፡ እቶም 21 ንፍቕርን ማሕበራዊ ጉዳያትን ዝገልጹ ኽኾኑ ኸለው፡ እቶም 61 ግን ንቓልስን መኸተን ዝገልጹ እዮም፡ " ብምባል ደራሲ ኣብ መቕድም መጽሓፉ ይገልጽ። ካብዚ 82 እቲ 16 ናይ ንዑብ ግጥሚ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ 66 ደማ ናይ ደርፊ ግጥሚ'ዩ።


ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ሰባት ዝተሳተፉዎ መጽሓፍ "ኣይሞተን መርሃዊ" ናይ ምልላይ መደብ፡ ከምቲ ልሙድ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ስነ-ጥበብ ተመስጦኦም ኣቕሪቦም። ከፊላዊ ዕዮታት ደራሲ ብድምጺ ቐረብ ከኣ ዝኽሪ ሰማዕቲ ቀስቂሱ። ምኽንያቱ፡ ብዙሕ ካብቲ ህቡብ ናይ ቃልስን መኸተን ከምኡ'ውን ናይ ፍቕርን ማሕበራዊ ህይወትን ደርፍታት ናይ ሰለሞን ምዃኑ እንፈልጥ ዝወሓደና ኢና ነይርና። ሰለሞን፡ ናይ ስነ-ጥበብ ተወሀቦኡ ከሊሲ ዝኸኣለሉ ኣጋጣሚ፡ "ሓደ እዋን፡ 'ዋዬቓ!' ወደቕኒ። ግና ደሓርስ 'እንቋዕ ወደቕኒ' ዝብል ዋዬቓ ድኣ ኾኑ" ብምባል'ዩ ገሊጹዎ።

"ኮሚሳር ሓይልና ኣማኑኤል ፍስሃየ (ወዲ ፍሽይ)፡ ኣብ ሓንቲ ዓባይ ከውሒ ኮፍ ኢሉ፡ ከምቲ ልሙድ ንኽቕርቦ ጸውዓኒ። ሰለምታ ተለዋዊጥና ኣብቲ እግሩ ደው ምስ በልኩ፡ ብዛዕባ ኣጉዳሲነት ባህላዊ ምርኢታት ማለት ብዛዕባ ደርፍታት፡ ግጥምታትን ተዋስኦታትን ኣስፊሑ ኣብሉ መግለጺ ሃቢ'ሞ፡ 'ካብ ኣባላት ሓይልና - ኣውዓትን ኣዋልድን - ሓሪኻ ሓንቲ 20-25 ዝኣባላታ ጉጅለ ባህሊ ኽተቕውም ኢኻ፡ ዝምዕጽ ልምምድ ምስ ገበርኩም ከኣ፡ ንጦላሲና ምርኢት ክተቕርቡላ ኢኹም' በለኒ። ኣብ ዘለኹዎ ደረቓ መልሲ ምሃብ ስለ ዘደንጎኹዎ፡ 'እሺ! ተረዲኣኒና'ዶ፤ ብምባል ደጊሙ ሓተተኒ።

"'ኣንታ ወዲ ፍሽይ! ኣነ ደኣ እንታይ ዝፈልጥ'ለ፤ ካልእ ጠርናፊ ሰብ ዘይትገብር፡ ኣነ ኸኣ ኣባሉም እኸውን' በልኩዎ፡ ምልክት ምጭናቕ እናኣርኣኹ። ናይ ብሓቂ ኸኣ ከቢዱኒ ነሩ። 'ጉጅለ ባህሊ' ዝበሃል ንኣይ ሓዳሽ ኣምር ነሩ" ብምባል ይገልጽ።

ካብ ከምዚ ዝበለ ኣብ ስነ-ጥበብ እንዶ ዘይነበሮ ክውንነት ወጺኡ ድማ'ዩ ናብዚ ሕጂ ንዝረብሉ ዘለና ደረጃ ዝበጽሐ። ኣብቲ መስርሕ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት እንከሎ፡ ኣብ 1979 ክልተ እግሩ ተሃሪሙ፡ እታ ሓንቲ ኣብ ሰሙና ክትቍረጽ እንከላ፡ "እታ ሓንትን ጅልፍዕትን ግን ኣብ ሕክምና ሓውያ . . ." ከም ዝበሎ ባዕሉ ኣብ ጨንፈር ኣካለ ሰንከላን ምስ ኣተወ ናብ ንጥፈታት ስነ-ጥበብ ከም ዘበለ ይገልጽ። ኣእጋሩን ኣእዳዉን ብመውጋእቲ ዝተጀላለወ እንከሎ ኣብ ስነ-ጥበብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ክሰጋገር ምኽኣሉ፡ ቢታ "ርእሲ" ዝሰመያ ኣብ መወዳእታ ናይታ መጽሓፍ ዘላ ግጥሚ ክወክል ይኽእል፤

ርእሲ
መሓውር ኣርባዕተ
ተረፈን ሰለስተ
ንሳተን'ውን ጀልዐፋት
ሓብጥ ጉጥጥት
እንቋዕ ተማሕረት ርእሲ
ግጥሚ ኽትሳሲ!
ኣሳስያ
ምስ ኣርቕታት ቁራጽ ተመሓዚያ
ኣብ ሓዘን ስሒቓ
ኣብ ሓጎስ ነቢዓ
ንምረት ቀዪዓ
ናብ ጽምብል መጽሓፍ ኣብቂዓ።



ንሰለሞን ድራር ዝያዳ እንፈልጦ በቲ ኣብ ምድራስ መጻሕፍቲ ዘበርከቶ ኢና። "መኸተ"፡ "ዕምጺ ሓንቲ ሰድራ"፡ "ኤርትራውያን ኮማንዶ - ቅያ 18 ደቃይቕ". . . ክልዓል እንከሎ፡ ንሰለሞን ድራር ዘይፈልጥ ኣንባቢ መጻሕፍቲ ኣይርከብን ይኸውን። ኣብ ግጥምታት ደርፊ ከም ብዓል "ሻመይ"፡ "ተደናገረ"፡ "ኣይደልን ምፍላይ"፡ ናይ ሄለን መለስ ፍቕራዊ ግጥምታት ግን ናቱ ምዃኑ እፈልጥ ኣይነበርኩን። ደምጻዊት ጓሉ ወይኒ ሰለሞን እውን ተቛዳሲት ሽሻይ ግጥምታት ደርፊ ኣቦኣ እያ። ኣብ ኤራ ቲቪ ዝተፈነወ ተኸታታሊ ፊልምታት እውን ኣካል ዕዮታቱ እዩ። እቲ ኣበርክቶኡ ብዙሕን ዓይነታውን እዩ'ሞ ንብዙሓት መወከሲ ክኸውን ዝኽእል ተመክሮ ኣለዎ። ሰለሞን፡ ተወሀቦኡ ከሊሲ ብምኽኣሉ እዩ ክሰዕ ክንድ'ዚ ከፍሪ ዝኸኣለ'ሞ፡ ተወሀቦና ኣሊሲና ክንሰርሕ ንእግረ-መንገደይ እላቦ።

### ኣይሞተን መርሃዊ

ካብ መሬቱ፡ ኣብ መሬቱ፡ ናብ መሬቱ
ኣብ ምድረ በዳ ጎልጎል
ኣብ ኣኽራናት ገደል
ብሓመደ እምኒ ተጸቒጡ
ዋላ የጽቅጥ ብድቃስ ተዋሒጡ
መኣስ'ሞ ሞይቱ መርሃዊ!

ዝወለደቶ ማህጸን ኮሪዓ
ዝደቀሰላ መሬት ጠጢዓ
ዝናፍቖዎ ኣሓት ኣሕዋት
መላእ ሕብረተሰብ፡ ቀረባ ርሑቓት
"ሳልኡ! ሳልኡ! ሳልኡ!" እናበሉ
ኣብ ጕደና ሓርነት ሸናዕ ክብሉ፡
ንሱዶ'ይኮነን ህያውነት መርሃዊ!

ኣይመሸመሸን!
ጨው ሳሊና ኣይበልያን ኣዕጽምቱ
ኣይመጠጕን!
ቀዝሒ ሮራ ኣይጨምደዶን ቀርበቱ
ምስ ጠሉ'ዩ ዘሎ ደሙ
ናብ መትንታትና ልሒሙ
እነህና'ንዶ ንርኢ ነስተውዕል
እንተ ዝመውት ደኣ ዘይንዓውር
እነህና'ንዶ ንወሳወስ
ርግጽ!
በብራኹ እንተ ዘይኬድና
በዒንቱ እንተ ዘይተመሪሕና
ቃሉ ብዘይምኽባር
ብጉዑ እንተ ወዲቑ ፍሪና
ብህርፋነ ስልጣን
ብኣድልዎ ወገን
ረሲኣን ኳንና ምስ እንነዓዓቕ
ንጸላእቲ ምስ እንፈጥር ፈቓቕ
ሞተ ማለት ሽዑ መርሃዊ
በርባዕተ መኣዝን የእዊ።

እንተ ዘየለ፡ ተወሃሂድና
ዋልታ ሓድነት ገቲርና
ቃሉ ምስ ዘይነዕብር
ሳቮያ እንተ'ልና ንህንጸት ሃገር
ሎሚ ኣይሞተ፡ ጽባሕ ኣይመውት
መርሃዊ
ህያው'ዩ ዘልኣለማዊ።

(20 ሰነ 1992)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## ERITREA
## MINISTRY OF EDUCATION (PMU-MoE)

Support to Skills Development for Employability and Entrepreneurship (SSDEE) Project

REQUEST FOR EXPRESSIONS OF INTEREST

(INDIVIDUAL CONSULTANT: Preparation of a Manual and Provision of Training on Designing and Development of TVET Instructional Materials)

Social Sector
Financing Agreement reference: 2100150032843/ 2100155029467
Project ID No.: P-ER-IA0-001

The Government of Eritrea (GoE) through its Ministry of Education (MoE) and the African Development Bank are collaborating in the implementation of a Support to Skills Development for Employability and Entrepreneurship (SSDEE) Project. The objective of the project is to contribute to increased access, improve quality and equity in provision of Technical Vocational Education and Training (TVET). The project components include, equipping TVET school workshops, reviewing TVET curriculum and upgrading TVET human resource capacity.

The beneficiaries of this project are public TVET schools which are administered under the Department of TVET (DTVET). The TVET programs provided in the public schools are formal secondary school level two year programs including machine shop, welding and metal fabrication, auto-mechanics, woodwork, electricity, electronics, building construction, plumbing, computer maintenance and networking, refrigeration and air-conditioning and agriculture field of studies.

The Ministry of Education / Department of TVET is seeking for the services of an individual consultant to prepare a manual and provide training on designing and developing TVET instructional materials. Developing instructional materials for TVET programs is critical to ensure that appropriate instructional materials are always in place, as the field of study is often associated with the use of technology which is fast changing. The total duration of the assignment is 30 days, including manual development and provision of the training.

Objectives and Scope of the Consultancy
The objective of the consultancy is to develop a manual and provide training on designing, and developing TVET Instructional materials. The scope of work will include:
• Preparation of a manual to be used by TVET instructors and curriculum developers as a step by step guiding document to plan, design and develop instructional materials.
• Provision of training to equip instructors and curriculum developers with a set of competencies and tools in line with the modular competency-based training curriculum.
• Preparation of training completion and final reports, among others to provide the training methods, outcomes and the list of participants.

Duties and Key Responsibilities
1. Undertake consultations with Department of TVET and TVET Schools.
2. Assess training and development needs of TVET Curriculum developers and instructors and provide recommendations to address identified needs.
3. Revise existing materials including curriculum and textbooks.
4. Design and develop training sessions based on assessment results.
5. Design and develop instructional materials for the training sessions. including content, facilitator and participant guides, specific activities, presentations (PowerPoint).
6. Prepare the methodology and training schedule.
7. Conduct the training based on the adopted methodology and training schedule.
8. Conduct the evaluation of the training.
9. Prepare a report on the training
Qualifications: Education & Work Experience
The ideal candidate should have the following qualifications:
• Educational Background: At least Master's degree in Education, TVET, skills development or other related fields.
• Professional Experience: A minimum of 15 years of professional experience in technical vocational education and training including TVET competency-based curriculum and instructional materials design and development.
• Technical and Analytical Skills:
• Deep understanding of the development of a modular competency-based TVET curriculum procedures and its implementation,
• A strong, relevant, and proven experience in TVET courses and instructional materials development, with proven track record,
• Strong, relevant, and proven experience in designing and developing competency-based modular curriculum in Technical and Vocational Education in the past five-ten years,
• Experience on providing capacity building to TVET instructors,
• An excellent knowledge and understanding of international and regional TVET systems,
• Required Skills and Competencies:
The consultant should:
• have excellent verbal and written communication skills in English.
• have proficiency in Microsoft Word, Excel, PowerPoint and Outlook
• have demonstrable planning and organizational skills, and the ability to plan and lead similar assignments.
• be able to work independently and deliver quality assignments on time.
• have strong analytical, presentation and communication skills.
• have the ability to work independently, effectively prioritize tasks, and develop strong working relationships with stakeholders,
The Ministry of Education now invites eligible individual consultants to indicate their interest in providing these services. Interested individual consultants must provide information indicating that they are qualified to perform the services by sending his/her CVs and Cover letter.

Eligibility criteria, establishment of the short-list and the selection procedure shall be in accordance with the African Development Bank's Procurement Policy for Bank Group Funded Operations, dated October 2015, which is available on the Bank's website at http://www.afdb.org. The Ministry of Education is under no obligation to shortlist any individual consultants who expresses interest.

Intrested Individuals should sent their CVs and Cover letter to the address below by 13 March 2025 at 10:00 AM Asmara Time/ East Africa Time.

Attn: Project Management Unit of Ministry of Education (PMU – MOE)
Attention: Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager of PMU-MOE and/or
Mr. Esayas Tesfai, Head of Procurement/ Procurement Officer PMU-MoE
Street Address: Hday Street No: 748-1, Floor/Room number: Dembe Sembel, Block "A" First Floor, ZIP Code: 748-1, Asmara, Eritrea
Telephone numbers: 00291-1-151614/ 002917218050/00291267380
Facsimile number: 00291-1-152181
Emails: mgilagaber2019@gmail.com, and/or
esumesgana4411@gmail.com

---

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ግደይ ወልደኣብዝጊ ተወልደብርሃን ኣደይ ዑቕባማርያም ክብረኣብ ስለዘዕረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣብርሃም ዓንደገዮርጊስ ኪዳነ ምግል ተረፉ፡ ኣብርሃም ዓጽመገዮርጊስ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ፍረወይኒ ተኽለ ኣብርሃም ምግል ተረፉ፡ ናጽነት ተኽለ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከበደሽ ጉብረሚካኤል ሓየለማ፡ ወለድና ጉብረሚካኤል ሓየለማ ጉብራይን ጉብረኤል ኣውዓለማ ግደን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ካሕሳይ ኣብርሃ ኪዳኑ ወለድና ኣብርሃ ኪዳነን በላይነሽ ሃብተየሱስን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ዓዳጊ እስማዒል መሓመድ ሳልሕ ዝተበሃልኩ፡ ምስ ሸየጥቲ 1. ሰዒድ መሓመድ ስራጅ፡ 2. ኣሕመድ መሓመድ ስራጅ፡ 3. ዘይነብ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ኣብ መንጎና ብዝበርናዮ መተኣማመኒ ሰድ መሸጣ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01 ዞን 1 ጉደና 38 ዚፕ ኮድ 6K-1372 ፕሎት 18 ብመለለዩ ቊንብረት 6BRKRN00101ዝተመዝገበ ገዛ፡ ስፍሓቱ፡ 84.88 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝዋኣከዎ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጽም ምኻነይ እሕብር።

እስማዒል መሓመድ ሳልሕ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኸዲጃ ጃብር መሓመድኑር፡ ወደይ ማሕሙድ ሳልሕ ዒሊ ስለዝተሰወአ፡ 1. መዋቲ ኣቡኡ ሳልሕ ዒሊ ዑመር 2. ወደይ ሳሊም ማሕሙድ ሳልሕ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኤልሳ ቀሺ ስብሃትልኣብ ገብረህይወት፡ ኣዴና ወ/ሮ ለተድንግል በሸሩ ሕድራይ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ህልዋት ኣሕዋተይን 1 መዋቲት ተተኪኣቲ 2 ደቂን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ይ/በዛሊ ኣቶ ዳዊት ወልደማርያም፡ ወሃቢት መልሲ ወ/ ኘፍ ግርማጽዮን ካሕሳይ ኘፍ/ዛፉ ተኸለሚካኤልን ወ/ሮ ንግስቲ ግርማጽዮን ካሕሳይ +7 ከምኡ'ውን ኣቶ ገብርሂወት በርሀ ተኸለሃይማኖት ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ወ/መልሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳ. ሚካኤል ተስፋይ ተላ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ የርሳሌም በራኺ ሃብተሚካኤል፡ ወኪል ተስፋይ ተላ ዑቕባዩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ መኣዛ ኪዳነ ገብረኪዳን፡ ኣቦና ኪዳነ ገብረኪዳን ገብረገርግሽን ኣዴና ኣሰፋሽ ተስፋገርግስ ጺጋይን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤደን ዘርኣየሃንስ መለስ፡ ብዓል ቤተይ ባህልቢ ረዘ ኣብርሃ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ደማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ገዚኢ መብራህቱ ገብረጸየን ምባል ተረፉ፡ ገዚኢ መብራህቱ ደብረጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ መሓሪ ብርሃ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦና ብርሃ ተስፋሚካኤል ግደይን ኣዴና ኣምለሰት ኣስበዶም ገብረገርግሽን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ገነት መኻ ባህታ፡ ስም ኣደይ ምልእተ ግደይ ምባል ተረፉ፡ ምልእተ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ የናስ ጺጋይ ተስፋይ፡ ኣደይ ሰላስ ኣርኣያ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ሰለሙን ወ/የውሃንስ፡ ተጸዋዕቲ፡ 1.ወ/ሮ ኣድያም ሰዩም ዑቕባጋብር 2.ኣቶ ስምኦን ሰዩም ዑቕባጋብር 3.ወ/ሮ የርሳሌም ሰዩም ዑቕባጋብር 4.ወ/ሮ ሸዊት ሰዩም ዑቕባጋብር 5.ኣቶ ሃብተኣብ ሰዩም ዑቕባጋብር 6.ወ/ሮ ሰምሃር ሰዩም ዑቕባጋብር 7.ወ/ሮ ኣዞማት ሰዩም ዑቕባጋብር 8.ኣቶ ኣሲያስ ሰዩም ዑቕባጋብር 9.ኣዶናይ ሰዩም ዑቕባጋብር 10.ኣማኑኤል ሰዩም ዑቕባጋብር ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ መኣዛ በየነ ተስፋ፡ ኣደይ መድህን ኪዳነ ክፍላት ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሶፍያ ወረደ ጸሃዩ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ርበል ኣበራ እርመድ፡ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሶፍያ ወረደ ጸሃዩ፡ ተጸዋዒ ኣቶ በረኸት መንግስትኣብ ፍጡር፡ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳባ ተኽለ ኣብርሃ፡ ሓብተይ ጸሃይሽ ተኽለ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳባ ህብትዝጊ ዑቕባዝጊ፡ ኣሕዋተይ ክብያ ህብትዝጊ 2.ገብርኤል ህብትዝጊ - ስለዝዐረፉ፡ 3.ተፈሪ ህብትዝጊ - ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ኣቶ ናኢድ ካሕሱ የማኑ፡ ተጸዋዕቲ 1.ኣቶ ግርማይ ተወልደ መድህን 2.ወረ/ፍ/ሃር ገብረኣብ ገብረሚካኤል ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ናይ መኪና ክርክር፡ ተጸዋዕቲ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሸዋ ሓጎስ ኣብርሃም፡ ሓብተይ ምሕረት ሓጎስ ኣብርሃም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰናይት ሀሰበይ ኤፍሬም፡ ኣቦይ ሀሰበይ ኤፍሬም ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ፍ ሓጂ ዓጣ ሐሴን ዓ/ቃድር ወ/ሮ መርየም ዓጣ ሐሴን፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ዓብደልዋሰዕ ዓብዱሰላም ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ዓብደልዋሰዕ ዓብዱሰላም ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣመልካቲት ወ/ሮ ንግስቲ ርእሶም፡ ተጸዋዒ ኣቶ ካሊድ ኣሕመድ፡ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሰላማዊት ማዕበ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃነ ኣርኣያ ሃይሉ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሰም ክፍሉ፡ ሓፍተይ ትብርህ ክፍለ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተሰላሰ ወልደሰላሰ፡ ኣቦይ ቀሺ ወልደሰላሰ ኣርኣያ ጉብሳ ስለዝዐረፈ፡ ንወላዲተይ ወ/ሮ ለተሚካኤል ዘርኣይ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማዕበላ ሓጎስ ምባል ተረፉ፡ ማዕበል ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ዘርኦም ገብራይ ምራጭ 2. ማዕርነት ገብራይ ምራጭ 3. ናጽነት ገብራይ ምራጭ፣ ወ/ሮ በየን ኪዳነ ካሕሳይ ብህይወት ኣብ ዝነበረትሉ ብዕለት 17/10/2019 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት/ፍ/ዞ/ማእከል ብምቕራብ ብቁ/መዝ 288/2019 ዝነበረትልና ለበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣበል ሕሳቡ ወልደማርያም፡ ኣሞይ ኘፍ/ሄር ሰምሰም ወልደማርያም ብህይወት ኣብ ዝነበረትሉ ብዕለት 1/5/2020 ኣብ ዞባ ማእከል ጋላ ኘፍሔ ሰዕ ዳሮ ዝርከብ መሬት ጠሳ ስፍሓቱ 500 ት/ሜ ኣብኡ 1 ክፍልን 1ክሽነን (ሀድሞ) ዘጠቓልል ኮይኑ፡ መለለዪ ቁጽሪ መሬት 0547 ሎት 47 ፓርሰል F ዘሾነ ናይ ህያብ ውዕል ስለዝፈጸመትለይ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ያስሚን መሓመድኣማን ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ያስሚን ዓብደልከቢ ኣንዋር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘውዲ ወልደገብርኤል ተኳ፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባዝጊ ወልደኣብ ባርያጋብር ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ደቅና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት ጥዕመዝጊ ደበሳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ገብረመስቀል ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ጺጋ ወልደማርያም ገብረድንግል፡ ተጸዋዕቲ፡ ወረስቲ ነ/ሄር ወልደንጉስ ተስፋማርያም ኪዳነ ወረ/ፍ ሃንሱ በርሀ፡ ዝዓደኽዎ ገዛ ብዕለት 19/5/2022 ዝተፈጸመ ውዕል መሸጣ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝርከብ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን31/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ገርግሹ ዞማኢኤል ትንሰኤው፡ ብዓል ቤተይ የሴፍ ሓሸሊት ባርያይ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ ኤልያስ ቀሺ ዓንደብርሃን ሃይሉ፡ ወለድና ቀሺ ዓንደብርሃን ሃይለ ቴድሮስን ግደይ ኣስፍሃን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኪዳነ ማዝሎ ሞሳዝጊ፡ ተጸዋዒት ሓብተይ ወ/ሮ ሄወት ማዝሎ ሞሳዝጊ፡ በቲ ዝሃበትኒ ወኪልና ስልጣን ዘለዎ 2 ትካላት እንዳ ጡሓፊትን ቤት ቁርሲን ብስም ወ/ሮ ሄወት ማዝሎ ሞሳዝጊ ዝወጽአ ናይ ጥሑና ልቾንሳ ብቑጽሪ ፍቓድ 73-050839 ቁ/መዝገብ 00000063 ብቑጽሪ ክፍሊ ግብሪ 000076 ዝተመዝገበ፡ ኣመልካቲ ልቾንሳ ናይ ቤት ቁርሲ ዝሾኑት ቑጽሪ ንግዲ 53-50-839 ብቑጽሪ መዝገብ 00000063 ብቑጽሪ 4785 ዝተመዝገበት እዚ 2 ልቾንሳ ብስማ ዝበረ ናብ ስመይ ክቕይሮ ስለዝፍቀደትለይ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተኾምብያ

ወ/ሮ ርግኣት ፍስሃየ ኣብርሀ፡ ኣቦይን ኣደይን ስለዝዐረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ጀሚላ ጀምዓይ፡ ስም ወደይ ሸሪፍ የሰፍ ኣልኣሚን ምባል ተረፉ፡ ሸሪፍ እድሪስ ከራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ከሳሲት ወ/ሮ ዓዚዛ መሓመድ ሓጅ፡ ተኸሳሲት ወ/ሪት ሱረያ ሓምድ መሓመድ፡ ናይ ገዛዘብ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሩታ ተከኤ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ራውዳ ተከኤ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1.ናርዶስ መሓሪ ኣስመላሽ 2.ዳናይት መሓሪ ኣስመላሽ፡ ዓብዩና መድህን ተስፋይ ሓየሎም ስለዝዐረፈት፡ ንሰወእ ኣቦና መሓሪ ኣስመላሽ ተከእና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናስራላ መሓመድ ዒሊ ምባል ተረፉ፡ ኣሕመድ መሓመድ ዒሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# ጉዕዞ 10 ዓመት ሽልማት ዒንደማሶ



ሽዊት ገብረብርሃን

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ “መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ ይተዓጠቕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ መንእሰያት ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ዘድልዮም ዕጥቂ ድማ ኣብ ምምላእ ክነጥፍ ጸኒሑን ኣሎን። መንእሰይ ዓንዲ-ሕቆ ሃገር ከም ምዃኑ መጠን ከኣ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ነዚ ንምትግባር እጃመን የበርክታ እየን።



ኣቶ ግርማይ ገብሩ

ምሕያል መንእሰያት ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ከም ሽቶ ኣቐሚጡ ዝነጥፍ ዘሎ እዚ ማሕበር፡ ነዚ ክዉን ንምግባር፡ ብመገዲ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታት፡ ዘተ፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ መደረን ክትዕን ካልኦት መደባትን ኣቢሉ ዝተፈላለዩ ጎስጓሳት የካይድ እዩ።

ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ እምበኣር፡ “ንኹሉ ባህግታት ሃገር ከተግብር ዝኽእል ብኹለንትናኡ ንቑሕ፡ ብቑዕን ውፉይን መንእሰይ ምምልማል” ብዝብል ራኢ፡ መንእሰያት ኣገዳስነት ትምህርቲ ተረዲኦም ፍቕሪ ትምህርቲ ንኽሓድሮም ካብ ምጉስጓስ ሓሊፉ፡ ንኹሎም ተመሃሮ ብብዝንባሌኦምን ባህግታቶምን ብምውዳብ፡ ንሓድሕዶም መዘናዊ ምኽሪ ክለዋወጡን ናይ ተወዳዳርነት መንፈሶም ንምዕባይን፡ ኩለንትናዊ ብቕዓቶም ድማ ክብ ንምባል ዝሕግዞም መደባትን ስልጠናታትን ይውድብ።

ከም ኣካል ናይ’ዚ እዩ እምበኣር ማሕበር ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ’ቲ ዞባ ብምውህሃድ ተመሃሮ ኣብ ምትብባዕ እጃሙ ብምብርካት ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ሽልማት ዒንዳማሶ ኣብ 8ይ ክፍሊ ሽልማት ደንደን ድማ ኣብ ናይ 12 ክፍሊ በብዓመቱ ዝዕድል።



ተመሃራይ መሓመድሳልሕ ዑስማን

ብ15 ለካቲት 2025 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 2024 ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ 517 ተመሃሮ ዓስራይ ዙር ሽልማት ዒንዳማሶ ተዓዲሎም።

ኣብቲ ናይ ሽልማት መደብ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ገብሩ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ዘለናዮ መዋእል ኣብ ፍርያት፡ ምስፍሕፋሕን ምሕደራን ናይ ፍልጠት ሰውራ ዝካየደሉ ዘሎ ቅልጡፍ ናይ ምዕባለ መድረኽ ከም ዝኾነ፡ ንዕኡ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ናይ ትምህርቲ ልዑል ጠመተ ብምሃብ፡ ብመገዲ ምትብባዕ ተመሃሮ ምሕያል ተወዳዳርነት ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ፡ ዕላማ ብምግባር እዚ ሽልማት ከም ዝተዳለወ ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ዙራት ኣብ መልቀቂ ፈተና ሻሙናይ ክፍሊ ካብ 80% ንላዕሊ ዘምጽኡ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ዓስራይ ዙርያ ብድምር 3,663 ተመሃሮ ከም ዝተሸለሙ፡ እቶም ዝበዝሑ ኣብ ማትሪክ ዝተሳተፉ ከኣ ንሽልማት ደንደን እውን ከም ዝበቕዑ ገሊጹ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት 10ይ ዙር ዝተሸለሙ 517 ተመሃሮ እምበኣር፡ ብፍሉይ ካብ 96% ነጥቢ ንላዕሊ ንዘምጽኡ 15 ተመሃሮ ፍሉይ መዳልያ ብምድላው፡ ነቶም ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ እውን ንሓድሕዶም ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዘሕድር ስጉምቲ ወሲዱ እዩ።

ኣብዚ መደብ፡ ካብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝመጸ ስንክልና ዓይኒ ከይዓገቶ፡ 97% ነጥቢ ብምምዝጋብ ተሸላሚ መዳልያ ዝኾነ ተመሃራይ መሓመድሳልሕ ዑስማን፡ ነዚ ሽልማት ንኽበቅዕ፡ ምስ ዘለዎ ስንክልና ተራ መምህራንን መማህርቱን ልዑል ከምዝነበረ፡ ንዝጋጥሞ ብድሆታት ድማ፡ “ዘይሰገር ብድሆ የለን”ኢሉ ብምእማን ከምዝሓለፎም፡ ሽልማት ዒንዳማሶ ኸኣ፡ ኣብ ናይ መጻኢ ደረጃታት ትምህርቲ ብልዑል ወኒ ንኽሰርሕ ዝያዳ ሓላፍነት ኣሰኪምዎ ከምዘሎን፡ ነዚ ሽልማት ዘይበቕዑ ድማ፡ ውጥን ብምድላው ኣተኩሮኦም ኣብ ትምህርቲ ክገብሩ ብምትሕስሳብ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ደረጃ ብሕጊ ክምረቑ ሕልሚ ከምዘለዎ ገሊጹልና።

ብደረጃ ዞባ 98.4% ብምምጻእ ኀብለል ኮይና ዝተሸለመት ተመሃሪት ሑርያ ኣንዋር ካብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ብወገና፡ ሽልማት ዒንዳማሶ፡ ንወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ፍሉይ ሓበን ዝፈጥር መደብ ከም ዝኾነ፤ ኣብ ዝሓለፈ 9ይ ዙርያ ሽልማት ተዓዲማ ተመሃሮ ክሽለሙ ምስ ርኣየቶም፡ ቅዱስ ቅንኢ ብምሕዳር ነዚ ሽልማት ንኽትበቅዕ ከም ዝጸዓረት፡ ከምቲ ሓረስታይ ዝዘርኦ ዝዓጽድ፡ ንሳ ድማ ፍረ ጻዕራ ከም ዝኾነ፡ እዚ ሽልማት ድማ ናብ ዝበረኸ ዓወት ዘሰጋግር መደብ ብምዃኑ፡ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ቀጻልነቱ ከውሕስ ተማሕጺና።

ብደረጃ ቤት ትምህርቲ ኸኣ፡ ቤት-



ተመሃሪት ሑርያ ኣንዋር





ትምህርቲ ፍትሒ ኀብለል ብምዃን ንሳልሳይ ግዜኣ እያ ተዓዊታ። ዳይሬክተር ናይታ ቤት ትምህርቲ መምህር ጣህር ሕያ ንዓወት እታ ቤት ትምህርቲ ኣመልኪቱ፡ ስሉሳዊ ዝምድና መምህራን ወለድን ተመሃሮን፡ ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ልዑል ምዃኑ ብምግላጽ። ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ ዓመታዊ ብዘይምቁራጽ ንዘካይዶ ዘሎ ናይ ምትብባዕ መደብ ብምምጓስ፡ እዚ ኣብ ስታድዩም ዝተኻየደን ብብዝሒ ተመሃሮ ዝተሳተፍሉን ናይ ሎሚ ዓመት መደብ፡ ንብዙሓት ዝያዳ ቅዱስ ቅንኢ ዝፈጥር ብምዃኑ ዕዉት መደብ ከም ዝነበረ ኣነጺሩ።

እዚ ሽልማት ንተመሃሮ ኣብ ንሓድሕዶም ቅዱስ ቅንኢ ይፈጥር ጥራይ ዘይኮነ፡ ንተሸለምቲ እውን ብዝለዓለ ንኽሰርሑን ልዕሊ’ቲ ኣመዝጊቦሞ ዘለዉ ዓወት ከም ዝጽበዮም ዘርእን ብዝሓየለ ክሰርሑ ዝድርኽን ምዃኑ ዝገለጸ ሓላፊ ምክትታል ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ገብረሚካኤል ዑቅባገብርኤል ብወገኑ፡ ወለድን ተመሃሮን ኣብታ ዕለት ንዝበረኸ ዓወት ቃል ብምእታው ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣብ’ቲ መዓልቲ፡ ቃል ዘስምዐ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ድማ፡ ኣብቲ ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ተመሃሮ ክርከቡ ምኽኣሎም ድሕሪ ምምጓስ፡ ተመሃሮ በዚ ረኺቦሞ ዘለዉ ዓወት ከይተዛነዩ፡ ተኣምራታዊ ዓወት ከርእዩ ልዑል እምነት ከም ዘለዎ ገሊጹ።

***

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### እቲ ዝመስለና ካልእ - እቲ ሓቂ ካልእ

ሱራፌል ተ.

ሓንቲ ጓል፡ ኣብ ሓደ መዕርፎ ነፈርቲ፡ ትጓዓዘላ ነፋሪት ክትመጽኣ ትጽበ ነበረት። ሓደ ሳንጣ ብሽኮቲ ብምግዛእ ኣብ መጸበዩ ቦታ፡ መንበር መሪጻ ኮፍ በለት። ካብ ቦርሳኣ መጽሓፍ ብምስሓብ ከተንብብ ጀመረት። ኣብ ጐድና ሓደ ካልእ ተጓዓዚ ነበረ። እናኣንበበት ብጎቦ ዓይና ምስ ጠመተት፡ በቲ ዝረኣየቶ ምእማን ሰኣነት። ኢዱ ናብ ታሕቲ ወሪዳ ብሽኮቲ ሒዛ ክትምለስን ጸጸኒሑ ክኾልስን ረኣየት። “ከመይ ዝበሉዎ ደፋር ወዲ’ዩ፡” ኢላ ሓሰበት። ግን ግዲ ክትገብረሉ ኣይደለየትን።

ንሳ’ውን ኢዳ ሰዲዳ ብሽኮቲ ኣልዒላ ክትብልዕ ጀመረት። እቲ ወዲ ምብላዕ ቀጸለ። “ኣነ፡ ሕያወይቲ እንተ ዘይከውን፡ ጉንዲ እዝኑ መላተምኩዎ ነይረ፡” ኢላ ሓሰበት። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ኣብታ ሳንጣ ሓንቲ ብሽኮቲ ተረፈት። እንታይ ከም ዝገብር ስርሐይ ኢላ ትከታተል ዝነበረት ጓል፡ ብድፍረትን ስግንጢርነትን እቲ ወዲ ተገረመት። ንሱ ነታ ዝተረፈት ብሽኮቲ ብምውጻእ ኣብ ክልተ መቒሉ ፍርቃ ኣቐበላ። “ዘይስንኻስ ሑጻ ቁርጥመሉ፣ ግርም ከኣ’ባ ብዘይ ኵታኻ ወለል፣ ቀሩብከ ክብረት ኣይህበንን፣ ይቕሬታ ኸ ኣይሓትትን፣ ኣደብ ኣይተማህረን!?”

ብምባል ብውሽጣ ተዛረበት።

እትጓዓዘላ ነፋሪት ከም ዝመጽአትን ተሳፈርቲ ናብ ነፋሪት ክድይቡን ብመጉልሒ ድምጺ ተሰምዐ። ንብረታ ጠርኒፋ ናብታ ነፋሪት ተሰቕለት። ነታ ክትዛዝማ ቀሪባ ዝነበረት መጽሓፍ ካብ ቦርሳኣ ከተውጽእ ኢዳ ሰደደት። ኢዳ ሓደ ሳንጣ ብሽኮቲ ሓዘት። ኣውጺኣ ረኣየቶ፣ ሰንበደት። “ካብ ናይቲ ወዲ ብሽኮቲ ክበልዕ ጸኒሐ ማለት’ዩ። ከማቕሎ ዘይኮንኩ፡ ንሱ’ዩ ከማቕል ጸኒሑ፣ ኣነ ዘይኮንኩ ሕያወይትን ሰብ ዘኽብርን ንሱ’ዩ ከምኡ ጸኒሑ፣ ክብረትን ኣደብን ኣነ’የ ዘየርኣኹ፡” ብምባል ንእለት ሓሰበት። ንምስጋናን ይቕሬታን ዝኸውን ዕድል ግን ኣይረኸበትን።


inspirationalstories.com

# መዘናግዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ርኽበታት

1. ቶኒስሀራክልዮን፦ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ እትርከብ ቶኒስ ሀራክልዮን ዝተባህለት ወደብ ግብጺ፡ ኣብ 331 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ማእከል ንግዲ ብምዃን ኣብ ቁጠባ ህዝብታት ዓለም ዘይሃሰስ ኣበርክቶ ትጻወት ነበረት። ሀራክለስን ሄለን ትሮይን ዝተባህሉ ፍቑራት ኣብታ ደሴት ደስ ዝበል ግዜ ከም ዘሕለፉ ጽሑፋት ይሕብሩ። ኣብ ካልኣይ ዘመን ግን ብሰንኪ እሳተ-ጎመራ ወይ ዕልቕልቕ እታ ዕምርቲ ደሴት ምሉእ ብምሉእ ከምዝተደፍነት ይዝንቶ። ኣብ 2000 ዓ.ም ግና ብተመራማሪ ስነ-ኩዕታ ተረኺባ። እቶም ተመራማሪ ብዙሕ ሳናቲም፡ ዕትሮታትን ስልማትን ከምዝረኸቡ ገሊጾም ነይሮም።



2. ወሸመጥ ገናባሩ፦ ኣብ 1982 ሮበርት ማርክስ ዝተባህለ ተመራማሪ፡ ኣምፎራ ዝበሃል ብቀጽሪ ብዙሕ ዝበለ ናይ ሮማ ባዛታት ኣብ ናይ ብራዚል ወሸመጥ ገናባራ ከምዝረኸበ ገለጸ። ብመሰረት እቲ ባዛታት፡ ሮማውያን ቀዳሞት ናብ ብራዚል ዝኣተዉ ንዜኦቲ ከምዝኸኑ ማርክስ ይገልጽ። ቅድሚ ፖርቱጋላውያን ንዜኦቲ ቅድሚ 1000 ዓመት እዮም ናብታ ሃገር ኣትዮም። መንግስቲ ብራዚል ማርክስ ኑቲ ቦታ ዝዋገኣ ዳህሳስን መጽናዕትን ከየካይደሉ ከምዝኣገዶ ይፍለጥ።

3. ማስመራት ናዝካ፦ ቅድሚ 2000 ዓመታት፡ ቅድሚ ስልጣነ ኢንካ ዝነበሩ ህዝቢ ኣብ ገምገም ባሕሪ ፔሩ ዝተፈላለየ ስእልታት ናይ ምስኣል ልማድ ነበሮም። ማስመራት ናዝካ ክሳብ 1930 ኣፈርቲ ብሰእሊ ዘልዕልኣ ኣይፍለጥን ነበረ። ልዕሊ 1000 ብዝተፈላለዩ ቅርጽታት ዝተሳእሉ ነገራት ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም። ዝጠዘሉ ትኽ ዝበሉ ማስመራት ኰይኖም፡ ን48 ኪሎ ሜተር ዝዝርግሑ እዮም፡ ብዘይካ'ዚ፡ ጂኦሜትራዊ ቅርጽታት፡ ከም ናይ ጭሩ፡ ህበይ፡ ዓሳ ኣራ፡ ተመን ከልቢን ዝኣመሰሉ ስእልታት እንስሳታትን ኣትክልትን ይርከቡዎም። ኣብ 2022 እውን ተወሰኽቲ ሓደስቲ ስእልታት ከምዝተረኽቡ ይፍለጥ። ተመራማሪ ዕላማ ናይ'ቶም ኣሳእልን ቅርጺታትን ክሳብ ሎሚ ኣይፈልጦምን ዘለዉ።

4. መቓብር ክልዮፓትራ፦ ናይ መወዳእታ ንግስቲ ግብጺ ዝኾነት ክልዮፓትራ ሻብዐይቲ ኣብ 30 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ሮማውያን ንሃገራ ምስ ተቖጻጸሩዋ ርእሳ ቀቲላ ከምዝሞተት ይፍለጥ። ናይቲ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ዝሞተ ሰብኣያ ኣንቶኒ መቓብርን ናታን ክይተረኽበ ንዘይሕ ዓመታት ቀጺሉ እዩ። ገለ ተመራማሪ መቓብርም ኣብታ ክልዮፓትራ ከም ርእሲ ከተማኣ ገይራታ ዝነበረት ከተማ ኣሌክሳንድርያ ከምዝነበረን ኣብ 365 ብዘጋጠመ ሱናሚ ተደምሲሱ ክኸውን ከምዝኽእልን ይሕብሩ ነይሮም። ካልኦት ድማ ኣብቲ ክልዮፓትራን ኣንቶኒን ንኣምላኽም ማስዋእቲ ዘቕርቡሉ ዝነበሩ ቤት-መቕደስ ኣይሰሰን ኣሰሪሰን ክህሉ ከምዝኽእል ክገልጹ ጸኒሖም። ኣብዚ ቀረባ እዋን ግና፡ ገለ ተመራማሪ ንመቓብር ንግስቲ ክልዮፓትራ ከምዝረኸብዎ'ኳ እንተገለጹ፡ ብልክዕ ዝረኸቡሉ ቦታ ግና ኣይሃቡን።

5. ሓወልቲ ዮናጉኒ፦ ኣብ 1980፡ ኣብ ጃፓናዊት ደሴት ዮናጉኒ ኣብ ትሕቲ ማይ 165 ቀመት ከምኡ'ውን 65 ኻ. ዘለዎ ቅርጺ ፒየራሚድ ሓወልቲ ተረኺቡ። እቲ ሓወልቲ ንሓደ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ዝገልጽ ምዃኑ'ውን ተረጋጊጹ።

## ህዝብታትን ባህልታቶምን



• የክሬናውያን ኣብ ዕለተ-ልደቶም ፍልይ ዝበለ ኣበዓዕላ እዮም ዘኽትሉ። ንሱ ከኣ፡ ኣብ ድግስ ዕለተ-ልደት፡ ኣቲ መግቦም ጥዒሞም ናብ ብጾቶም ናይ ምሕላፍ ልምዲ እዩ። ንወለዶታት እናቐጸለ ከኣ ይነብር ኣሎ።

• ኣብ ስጳኛ ኣብ ዓመት ንሓድሕዶም ብኮሚደረ ዝተሃራረሙላ ሓንቲ መዓልቲ ኣላ። እቲ ዝጸበየ ናይ ኮሚደረ ምትህርራም መስሕብ በጺሕቲ ኮይኑ፡ ካብ መላእ ዓለም ብዙሕ ሰብ ዝሳተፎ እዩ። ውድድር ኮሚደረ ዘይትፈቱ እንተኾይንኩም፡ ብኣራንሺ ምትህርራም ከ? ኣብ ጥልያን ኢቭሪያ ኣብ ዝተባህለት ከተማ፡ ተቓማጦኣ ኣብ ዓመት ሓንቲ መዓልቲ ብኣራንሺ ንሓድሕዶም ክተሃራረሙ ካብ ገዛኦም ይወጹ። እቲ በዓል ካብ ጥንታውያን ደቀባት ዝመጸ ኮይኑ፡ ካብኦም ገዛኦም ዝበሩ ናጻ ንምውጻእ ኣራንሺ ይድርብዩ ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

• ኣብ መክሲኮ ዕለተ-ልደትካ ክትብዕል የብልካን። መዘመር ዕለተ-ልደትካ ምስ ዘመርካ፡ ብጾትካ ክሳብ ሽምጣኻ ተጥፍእ ጥራይ እዮም ዝጸበዩኻ። ቀጺሎም ገጽካ ናብቲ ዝተቐረበ ኬክ ብምድፋእ ብኣኻ ክስሕቑን ከላግጹን ይውዕሉ።

• ኣብ ቡልጋሪያ ኣብ ጽምብል ሓደሽ ዓመት፡ ጸቡቕ ትምኒቶም ንምግላጽ ናይ ሓጺን ሰልዲ ኣብ ኬክ ይገብሩ። ኣብ ስጳኛ'ውን ኣብ ግዜ ሓደሽ ዓመት ንህጻናት ንምሕጓስ ኣብ ጫማ ሽኮራዊ ነገራት ይገድፉ። እቲ መደብ ኣብ 5 ጥሪ ምሸት እዩ ዝቐየድ። ጽምብል ሓደሽ ዓመት ኣብ ስጳኛ ኑቶም እየሰሰ ምስ ተወልደ ህያብ ዝሃብዎ ሰለስተ ጓሶት ንምዝካር ዝዋደድ እዩ።

• ኣብ ባርሳና ዝተባህለት ከተማ ህንዲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንሰብኡተን ብበትሪ ዝሃርምሉ መዓልቲ ኣላ። እቶም ሰብኡት ድማ ኣንስቶም ክሃርማኦም ከለዉ ኑበሮም ክከላኸሉ ይጽዕሩ።

• ኣብ ጀርመን ናብ ሓደ እኩብ ሰብ ዘለዎ ቦታ እንተተዓዲምካ ንኹሉ ኣብኡ ዘሎ ሰብ ሰላም ክትብሎ ኣለካ። ወላ ኑቶም ህጻናት ክይተረፈ። ኣብ ኣርጀንቲና ድማ ንትፈልጦ ሰብ ኣብ ምዕዳርቱ ስዒምካ ሰላም ክትብሎ ልሙድ እዩ።

• ኣብ ፊንላንድ ሰበይትኻ ተሰኪምካ ናይ ምጉያይ ውድድር ኣሎ። ብዙሓት መጻምድቲ ኣብዚ ውድድር'ዚ ንምስታፍ ካብ ብዙሓት ሃገራት ይመጽኡ። እዚ ውድድር'ዚ፡ ካብ 2005 ኣትሒዙ ድማ ኣብ ኣውስትራልያ፡ ኣመሪካ፡ ዓዲ እንግሊዝን ኤሲያን ተኣታቲዩ ኣሎ።

• ኣብ ዓዲ-ጥልያን፡ ቀደም ሃገራዊት ጥንዴራ ከም ምልክት ንጽህና ትሕሰብ ስለዝነበረት፡ መሬት ክትትንከፍ ፍቑድ ኣይነበረን። ሎሚ'ውን ኣብዛ ሃገር ፍሉይ ክእለትካ ተንጸባርቐሉ ውድድር ይካየድ እዩ። ንሱ ከኣ፡ ጥንዴራ ንላዕሊ ምስንዳውን መሬት ከይዓለበት ምቕላብን እዩ።

• ኣብ ታይላንድ፡ ንጣኣቶም ቀይሕ ፋንታ ምስ መስሓብኡ ናይ ምቕራብ ልማድ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት መግቢ የቕርቡሉ እዮም።

• ኣብ ከተማ ቅድስቲ ስቲፋን - ስዊዘርላንድ፡ ዓመታዊ ዝቕየድ 'ፈስቲቫል እምባሕ ንቢል' ዝበሃል ኣሎ። ኣብቲ ፈስቲቫል፡ እቶም ዝኸበሩ ሰባት ዘይከኑ ኩቡት እዮም። እዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ወርሒ ትሸዓተ ዝቕየድ ፈስቲቫል 'እምባሕ ንቢል'፡ ብርኽት ዝበላ ኣላሕም ይሳተፋኦ። መደብ ተዛዚሙ ናብ ገዛኦን ኣብ ዝምለሳሉ ድማ፡ ዋናታቶም ንመደቀሰኦን ብዕምባባታት ኣወቂቦም ይቕበልወን።

## ካብ ጥንታውያን ደቀ-ባት ኣፍሪቃ


• ቀቢላ ሃዝዱ፦ መበቆሎም ታንዛንያ ኮይኑ፡ ብዙሒ ኣባላቶም ካብ 1200 ዝሓልፍ ኣይኮነን። ሃዝዱ ክሳብ ሎሚ ብባህላዊ ሃድንን ኣብ በረኻታት ፍረታት ብምምእራርን እዮም መነባብሮኦም ዝመርሑ። ሃዝዳ ዝነብሩሉ ቦታ ኣብ ከባቢ ጥንታውን ታሪኻውን ቦታ ተደኩንሉ ዝርከብ ሳቶሊ ዝበሃል እዩ። ብመሰረት ዝተገብረ መጽናዕትታት፡ ካብ ቅድሚ 50 ሽሕ ዓመት ኣትሒዞም ኣብቲ ቦታ ከምዝነብሩ ክረጋገጽ ክኢሉ ኣሎ። እቶም እንኮ ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ዝርከቡ ብሃድን መነባብሮኦም ዝመርሑ'ውን እዮም። ፍልይ ዝበለ ቅዲ ህይወት ከኣ ይመርሑ።

ማሕበራዊ ህይወቶም ማእከላይ መሪሕነት ዘይብሉ እዩ። ስለዚ፡ ንዝኾነ ውሳነ ኩሎም ኣባላት ቀቢላ ተኣኪቦም እዮም ዝወስንዎ። ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ሃድንን ምእካብ መዓርን ይነጥፉ። ናብ መዓር ዘለዎ ቦታ ምስ እትመርሕ ዑፍ ጸቡቕ ዝምድና ኣለዎም። ደቂ-ኣንስትዮ ሃዝዳ ከኣ ፍረታት ኣብ ምእካብ ፍሉይ ክእለት ዘለወን ኮይነን፡ እንተላይ እንጉዳዕሖን ኣሕምልቲን ይምእርራ።

ቋንቋ ሃዝዳ ሃዴይን ዝበሃል ኮይኑ፡ ብጃኻ በዓም ቀቢላ ኣብ ዝኾነ ክፋል ኣፍሪቃ ዘይርከብ እዩ።

ብመሰረት ኣፈ-ታሪኽ ሃዝዱ ታሪኾም ኣብ ኣርባዕተ ግዜያት ከፋፊልካ ክርአ ይኽእል።

ቀዳማይ፡ ግዜ ገራህ ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣብ ኩሉ ክፋል ኣካላቶም ጸጉሪ ዘለዎምን ጥረ ስጋ ዝምገቡን ሰባት ብዘይ መጽለሊን መሳርሒን ኣብ በረኻታት ዝነብሩሉ ዝነበሩ እዩ። ድሕሪኡ ዝሰዓበ ግዜ ጻጻሃንቢ ኢሎም ይጽውዕዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝነበሩ ሰባት ኣብ በዓቲ ዝነብሩ ጸጉሪ ዘይብሎም፡ ብሓገዝ ከልቢ ንሃድን ዝወጹ ዝነበሩን ሓዊ ዝመሃዙን እዮም። እቲ ሳልሳይ - ሃማክዋንቢ ዝበሃል ኮይኑ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝነበሩ ሰባት ንኣሽቱ ኮይኖም፡ ጭማራን ቀስቲን ዝማዕበሉ፡ ኣብ ኣጉዶ ክነብሩ ዝጀመሩ፡ ከምኡ'ውን ብዮጭቃ ኣብ ዝሰርሕዎ ኣቕሓ መግቦም ዘብስሉ ዝነበሩ እዮም። ካብ ኣፍሪቃውያን ደቀ-ባት ናይ መጀመርታ ንግዲ ዝጀመሩ ህዝቢ'ውን ኣብዚ ሳልሳይ ግዜ ዝነበሩ እዮም። ከምኡ'ውን ለኩችኩ



ዝበሃል ዓይነት ጸወታ ከምዝተኣታተዉ ይንገር። ሃዝዱ ነዚ ራብዓይን ዳሕረዋይን ግዜ ሃማዩቛንቢ ወይ 'ናይ ሎሚ ሰባት' ኢሎም ይጽውዕዎ። ክሳብ ሎሚ ንዘሎ ደረት ግዜ ድማ ይውክል። ሰባት ካብቲ ንሓድሕዶም ብኣሰማኑቶም ክጸዋወዑ ዝጀመሩሉ ግዜ ይጀምር።

ዋላ'ኳ ሎሚ ቀቢላ ሃዝዳ ብምዕባለን ቴክኖሎጂን ዓለም ደጽለዉ እንተዛለዉ፡ ካብ'ቶም 1200 ህዝቢ እቶም 400 ምሉእ ብምሉእ ብባህላዊ ኣገባብ ናብራኦም ከምዝመርሑ ይግለጹ።

• ቀቢላ ሳምቡሩ፦ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኬንያ ዝነብሩ ኮይኖም፡ ብዝሒኦም ኣስታት 160 ሽሕ ይበጽሕ። መነባብሮኦም ከኣ ኣብ ጉሰት ዝተመርኮሰ እዩ። እዚኦም ምስ ህዝቢ ማሳይ ናይ ኬንያ ጥቡቕ ርክብ ከምዘለዎም ዝንገረሎም ቀቢሉ ካብ ከባቢ ፈለግ ነል - ሰሜን ኣፍሪቃ ተሰዲዶም ዝመጽኡ እዮም። ህዝቢ ሳምቡሩ ቋንቋ ማ እዮም ይዛረቡ። ማ ብህዝቢ ማሳይ'ውን ይዝረብ እዩ። እቲ ዝነብሩሉ ቦታ ጭው ዝበለ በረኻን ሓውሲ ምድረበዳን ብምዃኑ፡ ኩሉ ግዜ ትሑት ናብራ እዮም ዝመርሑ። በዚ ምኽንያት ከኣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይሰግሩ። ጤል፡ በጊዕ ከምኡ'ውን ኣግማል የፍርዩ። ኣብ ፍሉይ ጽምብላት ጸባን ደም እንስሳታትን ይሰትዩ።

ቀቢላ ሳምቡሩ ዝያዳ ብሕብርታት ብዘወቀበ ክዳውንቶም ይፍለጡ። ደቂ-ተባዕትዮ ርዛ ወይ ጸሊም ዝሕብሩ ክዳን ይኸደኑ። ኣብ ኢደም፡ እግሮምን ክሳዶምን ድማ ስልማታት ይገብሩ። ሞራን ተባሂሎም ዝጽውዑ ተዋጋእቲ ጉጅለ፡ ካብቲ ካልእ ህዝቢ በቲ ነዊሕ ጸጉሮም ክትፈልዮም ኣይትሽገርን። ደቂ-ኣንስትዮ ጸጉረን ምሉእ ብምሉእ ዝተላጸየ ኮይኑ፡ ክልተ ክዳን ይኸድና። እቲ ሓደ ካብ መዓንጥአን ንታሕቲ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ካብ መዓጥቖአን ንላዕሊ ይኸደንኦ። ሕብሪ ክዳነን ሊላ ወይ ሰማያዊ ክኸውን ኣለዎ። ከም መመላኽዒ ኣብ ገጸን ቀይሕ ሕብሪ ይልኽያ።

ሳምቡሩ ካብ ቀቢላኦም ብዕድመ ብዘዕበዩ ሰባት እዮም ዝምርሑን ዝመሓደሩን። ንሶም ናይ መወዳእታ ቃል ዘይሃቡሉ ነገር ኣይፍጸምን እዩ።

ኣምላኾም ናጊይ ይበሃል። ምንጪ ኩሉ ሓይሊም ከምዝኾነ ከኣ ይኣምኑ። እቶም ዓበይቲ መራሕቲ ከይተረፉ ንሕግታትን መምርሒታትን ኒጊይ ተማእዚዞም ይኸዱ።

# ዛዕባ ሎሚ

## ሲ.ኤፍ.ኣይ. (CFA) ፍራንክ
## ዛንታ ባጤራዊ መግዛእቲ ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ

(5ይ ክፋል)
ሄርሞን ሃብቱ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ኣብ ምስሳይ ሓድሽ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቴክኖሎጂያውን መሳርሒታት ጥራይ ኣይኮነን ክጥቀሱ ጸኒሖም ዘለዉ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ገዛእቲ ልኡላውነት ከየረጋገጹ ዝጸንሑ ማሕንቖታት ኣርዑት ባጤራዊ መግዛእቲ እውን ርእሰ-ዝኽኣለ ናቱ ቀያዲ ሓይሊ ኣለዎ። እዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ትንታኔኣዊ ጽሑፍ ኣብ መንጎ ገዛኢት ፈረንሳን ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ዝጸንሐን ዘሎን ስምምዓትን ድሕረ-መግዛእታዊ ሓድግታቱን ንሱ ዘስዓቦ ማዕዙዙን ዝድህስስ'ዩ።

***

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ፈረንሳ ጠኒኣቶ ዝነበረት ድሕረ-መግዛእታዊ ሜላታት ምዝመዛ ብሰፊሑ ገሊጽና። እዚ "ሕማም-ደሓር" ኸኽትም ድማ፡ ህዝብታት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ተቓወሞኦ ካብ ምግላጽ ባህሮን ሃንቀውታኡን ንምልእ ሓርነት ዝርዊ ተበግሶታት ካብ ምውሳድ ዓዲ ኣይወዓለን። ገለ መራሕቲ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብኣጋኡ ዓይኒ ብምንቃሕ፡ ኣይደንገዩን እምቢታ ኣንጻር ምዝመዛ ሰብኣውን ተፈጥሮኣውን ጸጋታት ኣጠሪሶም። ፈረንሳ ግን ኑቲ ብበየዝኡ ዝለዓለ ደምጺ ተቓውሞታት፡ ኑቲ ኣብዞን ግዝኣታታ ነበር ዝደኾኑቶ ወተሃደራዊ መደበራት ተጠቒማ ብዘይጸገም ክትጭፍልቖ ጸኒሓ ኣላ። ዝኾነ ኣንጻር መግዛእቲ ፈረንሳ ዝዘበስ ፖለቲካዊ ተቓውሞታት፡ መግዛእታዊ-ዕልዋታት ብምውጣን ብሓይሊ-ብረት ጨፍሊቓ ተቐሂሞ። ብዕማኮ ገዛዚብ ክጥበቑ ዝኽእሉ ወተሃደራዊ መሳርያትን ፖለቲከኛታትን ደቂ-ሃገር ብምዕሳብ፡ ከምኡ'ውን ወርሻታት ፈረንሳ ወይ ሞት ዝናፍቑ ካድረታት ደቂ-ሃገር ብምውዳብ፡ ኑቲ በርኹ ክሶሞዕ ዝጀመረ ደምጺታት ካብ ምቕልባስ ንድሕሪት ትብል ኣይተሓትን።

ኣብ ታሪኽ ኸጹ-ኣልቦ ቃልሲ ኣንጻር ምዝመዛ ሓድሽ መግዛእቲ፡ ረፓብሊክ ጊኒ ሓንቲ ካብዘን ኣብ ልዕሊ CFA ፍራንክ ዘለወን ዘይዕግበት ብጉዕበሪ ዝተቓወማ ቀዳሞት ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ እያ። እታ ሃገር ኑቲ ድሕረ-መግዛእታዊ ውዕል ዝሽኘን ተበግሶ ብምውሳድ፡ ዝዓበየን ተዘኩረን ታሪኽ ኣመዝጊባ ትርከብ። ጊኒ ኣብ ትሕቲ ጽላል መራሕነት ሰኩው ቱረ (1958 ክሳዕ 1984) ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ብዘወሰደቶ ቀራጽ ፖለቲካዊ ሕርያን ተበግሶን ብቶዓምነት እትርቋሕ ሃገር እያ። መራሕነት ሰኩው ቱረ፡ ኑቲ ኣንጻር ዓሎቕን ምዝመዛን ሓድሽ መግዛእቲ ዝቶደ ዘሎ ቃልሲ ወግዓውነት ኣልቢሱዎ እዩ ሓሊፉ። ሰኩው ቱረ "ፈጺምና ኣይንሕለልን። ኑቲ ሕጋውን ባህርያውን ዝኾነ ናጽነትና ብጥረሽ ኣይንዋጽኣሉን። ካብ ኣብ ባርነት ብልጽግና፡ ኣብ ናጽነት ድኽነት ኢና ንመርጽ" ብምባል ኑቲ ናይ ሽዑ ምኽትል ግዚያዊ መንግስቲ ፈረንሳ ዝነበረ ዶ ጎል ስምዕታኡ ብግልጺ ኣቕሪቡሉ ነይሩ እዩ።

መራሕነት ሰኩው ቱረ፡ ኑቲ ብመገዲ CFA ፍራንክ ዝፍጸም ዝነበረ መዘምዚ ሜላታት ፈረንሳ ብምቕዋም ኣብ ዞባይዶ ዝነበረ ቃልሲ፡ ምስ ሕብረት ሶቭየት ጥቡቕ ዝምድና ብምምስራት ከሐይሎ ፈቲኑ እዩ። እንተኾነ ጊኒ ካብቲ ፈረንሳ እትቆጻጸሮን ገዛዚብ ንምኽዕባት ዝኸለሉዩን ዞባ ፍራንክ ጠቕሊላ ክትወጽእ




ዕድል ኣየረኸበትን። ኣብቲ እዋን'ቲ ሰቡ ስልጣን ጊኒን ፈረንሳን ንሓያሎ ኣዋርሕ ብዛዕባ ዋንነት ባጤራ ብዘምልክት ተደጋጋሚ ክትዓት ኣካይዶም ነበሩ። ናብ ርትዓዊ ስምምዕ ግን ክበጽሑ ኣይከኣሉን። ጸዕርታት ሰኩው ቱረ ጊኒ ካብቲ ዘይሚዛናዊ ኣብልነት ባጤራ ፍራንክ ንምውጻእ ዝዕልም ድርኺት'ዩ ነይሩዎ። ጊኒ ናታ ሃገራዊ ልኡላዊ ባጤራ ምእንቲ ክትውንን ኣዝዩ ብዙሕ ጻዕርታት ተካይድ ነይራ እያ። ብ1 መጋቢት 1960 ከኣ ብሓገዝ ናይ ወጻኢ ክኢላታት ሃገራዊ ባንክ ረፓብሊክ ጊኒ ማስረተት። ጊኒ ፍራንክ ተባሂሉ ዝተሰምየ ሓድሽ ባጤራ እውን ኣሕተመት። ጊኒ ንግዚኡ ካብ ኣርዑት ድሕረ-መግዛእቲ ፈረንሳ ዝተገላገለት መሰለት። ናታ ወግዓዊ ሃገራዊ ባጤራ ከምዝተኣታተወት ንህዝቢ ኣበሰረት። እቲ ጊኒ ዝወሰደቶ ቀራጽ ስጉምቲ ግን ንፈረንሳ ኣዝዩ ኣቖጥዑ። እዚ ቀራጽ ስጉምቲ መራሕነት ኣሕመድ ሰኩው ቱረ ካልኦት ግዝኣታት ከይስዕብኦ ብምስጋእ ነታ ሃገር ክትንጽላን


ቀዳማይ ፕረዚደንት ጊኒ ኣሕመድ ሰኩው ቱረ


ክተናኽሶን ወሰነት። መራሕነት ሰኩው ቱረ ህዝባዊ ደገፍ ከይዝይብሉ ኣምሲላ ንምስይጣኑ ድማ ተንቀሳቒሰት። ፈረንሳ ኩሉ መዳይ ዘመተታት ብምፍናው ኣብ ልዕሊ መራሕነት ጊኒ ኣዕዋቲ ጸለመን ጠቕንን ኣካየደት። ኣብ ሕዳር 1965 ድማ ክልተኣዊ ዲፕሎማሲያዊ ርክቦት ጊኒን ፈረንሳን ተበቲኹ። ብሰሪ'ቲ ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ጊኒ ንሓያሎ ዓመታት ዝተኸተለቶ መንቅብ ዝነበሮ ኣካይዳ ቁጠባ ጊኒ ኣዝዩ ስለዝተናኸሰ፡ መሓውር ቁጠባ እታ ሃገር ዝሰቖ ዕብየት ክረጋግጽ ኣይከኣለን።

እቲ ጊኒ ኣንጻር ኣርዑት ዳግመ-መግዛእትን ምስኡ ዝተኣሳሰር ምፍጣር ሓድሽ ባጤራ ፍራንክን ዝወሰደቶ ግብራዊ ተበግሶ፡ ማለት ንእትርከበን ካልኦት ነበር ግዝኣታት፡ ኣንጻር ድሕረ-መግዛእታዊ ኣድ ምትእትታው ፈረንሳ ቀራጽ ስጉምትታት ክወስዳ ኣተባቢዐን። እታ ኣብ መስከረም 1960 ካብ ፈረንሳ ሰማዊ ናጽነት ዝተቐበለት ማሊ፡ ኣብ ጽላል ናይቲ ሰብ-ሓሳብ ማሕበርነትን ዲሰኑትን ዝኽተል መራሕነት ሞዲቦ ከይታ እንክሎ፡ ካብ መስበደል ኣርዑት መግዛእቲ ዞባ ፍራንክ ዝኮላግል መዋጽኦ ዝኸውን ቀራጽ ስትራተጂ ሓንጸጸት። ምሉእ ናጽነት ብምጥቃብ ድማ ብ22 መስከረም ሞዲቦ ከይታ "ካብ ናይ ፈረንሳ ኩሉ ዓይነት ግዴታታትን ፖለቲካዊ ጸርን ናጻ ዝኾነት ረፓብሊክ ማሊ" ንምምስራት ዘኽእል ሓድሽ ኣማራጺ ሓሳብ ኣለዓዓለ። ኣብ ሓጺር እዋን ሃገራዊ ባጤራ ማሊ ንምውናንን ክፍሊ ግዕጃ ንምምስራትን ዝዕልም ድርኺት ንምፍጻም ድማ ተንቀሳቐሰ።

ማሊ ዋላ'ኳ ድሕሪ ክንደይ ውረድ ደይብ ናይ ገዛእ ርእሳ ባጤራ ፍራንክ ክትውንን እንተበቕዐት፡ ኣብ ልዕሊ ፍራንክ ማሊ ካብ መፈለምታኡ ብዙሕ ዕንቅፋታት ስለዘተፈጥረ፡ ኣብ ግብራዊ ስራሕ እቲ ባጤራ ነዊሕ ዕምሪ ክሰርር ኣይከኣለን። ኑቲ ዕሽል ባጤራ ማሊ ዝበድሆ ዕንቅፋታት ካብ ፈረንሳ ጥራይ ዝምንጩ ኣይነበሩን። ሃገራት ዞባ ፍራንክ ምስ ፈረንሳ ናይ ጽግዕተኛነት ባህሪ ምትእስሳር ስለዝነበረን ምስ ማሊ ዞባይድኣ ዝነበራ ንግዳዊ ልውውጥ ብዙሕ ግምት ኣይሃብኦን። ኑቲ ምስ ማሊ ዝገበር ንግዳዊ ልውውጥ ንምዕንቃፍ ወይ'ውን ብጭረሽ ደው ንምባሉ ድማ ኣዕናዊ ስጉምትታት ወሰደን። በዚ ምኽንያት'ዚ ዋጋ ናይቲ ሓድሽ ባጤራ ባይታ ክዘብጥ ጀመረ፡ ከም ወጽኢቱ እታ ሃገር፡ ኣብ ሓጺር እዋን ናብ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣምርሐት። ኣብ


ፕረዚደንት ማሊ ነበር ሞዲቦ ከይታ

ኣዝዩ ኣሰቃፊ ፊናንስያዊ ዝቕባበ ደማ ወደቐት። እታ ሓዳስ ሃገር ኑቲ ከቢድ ጾር ዘስዕቦ ቁጠባዊ ማሕንቖ ክትብድሆ ኮነ ክትሰግሮ ኣይከኣለትን። ኣብ ሓጺርን ፈታንን መድረኻት ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ማሊ እውን ኣይተዓወተትን። ካብቲ ፈረንሳ ንነበር ግዝኣታት ካብ ገዛእ ጸጋታተን ትተኸተለቶ ዝነበረት ቁጠባዊ ዕንጋሎ ንምቕማስ ድማ ገጻ ንድሕሪት ናብታ ገዛኢታ ዝነበረት ፈረንሳ መለሰት። ኣብ 1967 ናብ ፈረንሳ ብዘቕረበቶ ምሕጽንታ ድማ ብወግዒ ዳግማይ ናብ ጂኦፖለቲካዊ መዋቕር ዞባ ፍራንክ ተጸንበረት። ፍሽለት ተበግሶ ማሊ ንመዳይ ቁጠባ ጥራሕ


ፕረዚደንት ቶጎ ነበር ሰልቫኑስ ኦሊምፕዮ

ቀጸዩ ዝሓለፈ ኣይነበረን፡ ብመንግስቲ ፈረንሳ ኣዝዩ ልዑል ተኣማንነት ዝነበሮ ሌተናንት ሙሳ ትራወሬ ዝመርሖ ጸቢብ ወተሃደራዊ ጉጅለ፡ ካብ ፈረንሳ ስርዓተ-መንግስቲ ናይ ምቕያር ተልእኾ ተዋህቦ። እቲ ውሑዳት ሰብፍሉይ ረብሓ ዘጠቓልል ወተሃደራዊ ጉጅለ ብመገዲ ዕልዋ ንመንግስቲ ሞዲቦ ከይታ ካብ ስልጣኑ ኣልገሶ።

ኣብ 1960ታት ንተበግሶ ጊኒን ማሊን ሰዒባ ባጤራዊ ሓርነት ዝጠለበት ሃገር ቶጎ እያ። ኣብ ትሕቲ ጽላል መራሕነት ፕረዚደንት ሰልቫኑስ ኦሊምፒዮ ዝነበረት ቶጎ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ወግዓዊ ባጤራ ንምእዋጅ በይነኣዊ ስጉምትታት ወሰደት። ብ12 ሕዳር 1962፡ ፍራንክ ቶጎ ሕጋዊ ሃገራዊ ባጤራ ቶጎ ምዃኑ መራሕነት ሰልቫኑስ ኦሊምፒዮ ብወግዒ ኣወጀ። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግን እቲ መራሕነት ዝኣወጆ ናይ ቶጎ ፍራንክ እውን ኣብ ግብራዊ ቁጠባዊ ማስርሕ ብርሃን ክርኢ ኣይከኣለን። እቲ ሰንሰም ጉዳይ ግን ብኡ ኣየብቀዐን። ብ13 ጥሪ 1963፡ ሰዓት 7፡15 ቅድሚ ቀትሪ፡ ኣብ ፊት ኣፍደገ ኤምባሲ ኣመሪካ፡ ኣብ መሳርዕ ፈረንሳ ዘገልግሉ ካብ ዝነበሩ ዕስራት ወተሃደራውያን ጉጅለ ብዝተተኮሰሉ ጥይት፡ ሂወት'ቲ ቀራጽ መራሒ ሰልቫኑስ ኦሊምፒዮ ሓለፈት። እቲ ቶጎ ዘበገሶ ግብራዊ ተቓውሞ ኣንጻር ኣርዑት መግዛእቲ ብሸምኡ ዓይነት ዘደንጹ ኣገባብ ንግዚኡ ተኾልፈ።

ፈረንሳ ኑቲ ብውዕል ዝኣተወቶ ሙብጽዓታት ነጻ ሕርያ ሓበራዊ ምድግጋፍ ሓዲጋ፡ ኣብ ምርግጋጽ ጸቢብ ሃገራዊ ረብሓታት ዝምርኮሰን ተሰፉ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘቖህምን መታለሊ ተግባራት ትፍጽም ስለዝነበረት፡ ካብ መጀመርታ 1970ታት ኣትሒዙ፡ ኣብ መንጎ ፈረንሳን ነበር ግዝኣታትን ዝጋበር ርክቦት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓርፈፈ ከደ። ብሰሪ'ቲ ሰንሰም ውዕላት ኣብ መንጎኣን ባህሪ ዘይምጽዋር ሰፈነ። ኣብ መጀመርታ 1972፡ ሃገራት ኒጀር፡ ማውሪታኒያን ኮንጎን ዝርከባኦ እቲ ኣቐዲሙ ዝተኣትወ ውዕላት ብኸፊል ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ክእረም ካብኡ ሓሊፉ'ውን ክሳዕ ምስራዝ ዝበጽሕ ስጉምቲታት ክውሰድ ጠለብ ኣቕረባ። እቲ "ግዚኡ ዝሓለፈን ማዕርነት ዘይብሉን ንረብሓ ፈረንሳ ጥራይ ዘረጋግጽ ተበላጺ ስምምዕ" መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ጥራይ ኣይኮነን ወጊድ ኢሎሞ። ካብ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰብ ዓለም እውን ሰፊሕ ኩነ ደብጽሖ ነይሩ እዩ።

ይቕጽል . . .


መራሕቲ ተቓውሞ ሓድሽ ወለዶ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ርዋንዳ ብዘይትጽበታዊ ፍጻመ ተዛዚሙ




ሄናክ፡ ምስ ዕወት ውድድር ደብዩን ሳልሳይ ዝወጸ ተቐዳዳማይ ባይክ ኤይድ - ኦሊቨር ማቲያስ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ክትሳተፈ ዝቐጸት ዙር ርዋንዳ 2025፡ ብቐዳማይ ትማሊ ሰንበት ካብ ትጽበት ወጻኢ ብዘሸና ፍጻመ ተዛዚሙ።

እዚ ዙር፡ ኣብ ሻዱሻይ መድረኽ ብዮወት ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናሆም ዘርኣይ ከምዝዛዘመ ይዝከር። ብወጽኢቱ ኣቐዲሙ ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ዝበረ መራሕነት ሓፈሻዊ ግዜ ማለት ኣብ ብጫ ማልያ ምግልባጥ ተፈጢሩ። ፈረንሳዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ቶታል ኢነርጂስ - ፋብያን ደብዩ፡ መራሒ ንዝበረ ወዲ ሃገሩን ጋንታኡን - ጆራስ ደልቦሽ ኑታ ማልያ መንጢልዎ።

ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ኣብ ብጫ ማልያ 12 ካልኢት ድሒሩ ሓሙሻይ ተሰሪዑ ዝበረ ዕውት ቀዳማይ መድረኽ ሄናክ ምሉእብርሃን ከኣ፡ ኣብ ሻዱሻይ መድረኽ ሳልሳይ ብምእታው፡ ኣብታ ማልያ ዝበሮ ፍልልይ ናብ ሽዱሽተ ካልኢት ኣጉዲሉ ናብ ካልኣይ ደረጃ ሓኺሩ እዩ - ናብ መዛዘሚት መድረኽ ኣትዩ።

በዚ ድማ፡ ኣብ ከተማ ኪጋሊ ኣብ እትካየድ ሻውዓይትን መዛዘሚትን ናይ 74 ኪሎሜተር መድረኽ፡ ኣብ መንጎ ፋብያንን ሄናክን ከምኡ'ውን ንዐኦም ንምዕዋት ዝሰርሓ ጋንታታቶም - ቶታል ኢነርጂስን ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራን ናይ ምትሕልላው ሓያል ቃልሲ ክህሉ ተጸሚቱ ነይሩ።

ዙር ርዋንዳ፡ ኣብ 2019 ናብ 2.1 ደረጃ ዩሲኣይ ካብ ዝዓቢ ንደሓር፡ ናብ ዛዛሚ መድረኽ ብጫ ማልያ ሒዙ ዝኣተወ ተቐዳዳማይ ኣብታ መወዳእታ መድረኽ ብጫ ማልያ ዝተሓደገ የለን። ኣብታ ናይ ብቐዳማይ ትማሊ መድረኽ መራሒ ዝበረ ፋብያን፡ ብሄናክ ወይ'ውን ካልኦት ተቐዳደምቲ ብጫ ማልያ ምስበዛምንጢል ግና፡ ሓዳሽ ክብረ ወሰን ኮይኑ ክምዝግብ ዝኽእል ነይሩ።

እንተ ኣብ ማልያ ኣዝቦ ዓቕብን ብደረጃ ጋንታ ኣብ ዝግበር ውድድርን እቲ ፍልልይ ኣዝዩ ገፊሕ ብምንባሩ፡ ርዋንዳዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ጃፕ - ሽሙ ሰንጊያምዋን ንማልያ ኣዝቦ ዓቕቡ፡ ንኤርትራ - ብ13 ደቒቕን 11 ካልኢትን በለጸታ ዝበረት ክለብ ባይክ ኤይድ ድማ፡ ብደረጃ ጋንታ ዕወታት ምዃናም ዳርጋ 90 ሚእታዊት ርጉጽ ነይሩ። ኣብ ማልያ መንእሰያት ግና፡ ኣብ መንጎ መራሒ ሚላን ደፔን ድሕሪኡ ዝበረ እስጳኛዊ ኣድሪያ ፐራለሰን ናይ 13 ካልኢት ፍልልይ ጥራይ ብምንባሩ፡ ገለ ለውጢ ክመጽእ ከምዝኽእል ተጸሚቱ ነይሩ።

እዚ ኩሉ ቅድመኩነትን ግምታትን ሒዙ ዝተበገሰ ውድድር ግና፡ ብዘይትጽበታዊ ምኽንያት ከምዝተቛረጸ ኣካየድቲ ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሮም። ኣብ ፈለማ ኪሎሜተራት ብሰንኪ ዝበረ ጭቃ፡ ቦታ ውድድር ክቐየር ከምዝተጉበረ ዝሓበሩ ወደብቲ ናይ'ቲ ውድድር፡ ድሒሩ ኸኣ፡ ብሰንኪ ኣንዳ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ንፋስ እቲ ናይ መዛዘሚ መድረኽ ክቋረጽ ወሲኖም።

"ብሰንኪ ዘይተጸበናዮ ጸርግያታት ሽታሕታሕ ክበል ዝኽእል ኩነታት ኣየር፡ ደያኑ ዩሲኣይ ናይ መወዳእታ መድረኽ ዙር ርዋንዳ ክዛዘም ሓንቲ ዙርያ ምስ ተረፈ ደው ክብል ወሲኖም ኣለው። ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ (ኣብ ሻዱሻይ መድረኽ) ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ ቀዳማይ ዝበረ ተቐዳዳማይ ድማ፡ ዝ ዙር ክዕወተሉ ተወሲኑ ኣሎ።" ክበሉ፡ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢኦም ጽሒፎም።

እዚ ኣካታዒ ውሳኔ ክልተ ስምዒታት ክፈጥር ግድን እዩ። ንገሊ ዘሐጉስ ንገሊ ኸኣ ዘጉሂ ኮይኑ ኣሎ። ብጫ ማልያ ብመገዲ ሄናክ ክትዕወተላ ናይ ሽዱሽተ ካልኢት ፍልልይ ጥራይ ንምሕዋይ እጅገኣ ሰብሰባ ንዝኣተወት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ - ከጉሂ ግድን እዩ። ብኣንጻሩ ብመገዲ ፋብያን ደብዩ ብጫ ማልያ ንዝሓዘት ቶታል ኢነርጂስ ከኣ ዘሐጉስ እዩ ነይሩ። ብዘይ ዝኾነ ብድሆ ኑቲ ዓወት ክዮትሩዎ ምኽኣሎም ከኣ፡ ሩፍታ ሂቡዎም።

ወዲ 31 ዓመት ፋብያን፡ ኣብ ናይ ጸወታ ገስጋሱ ንፈለማ ግዜ እዩ - ዕወት ዙር ዝኸውን ዘሎ። ኣብ 2023 ዝ ውድድር ዝተዓወተሉን ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ብፕሮራት ዝተመልሰን ሄናክ፡ ዝ ናይ ሎሚ ዓመት ክዕወተሉ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ነይሩ። ድሕሪ 2009 ንካልኣይ ግዜ ዝተዓወተሉ ካልኣይ ተቐዳዳማይ ክኸውን'ውን ምኽኣለ ነይሩ - ብጫ ማልያ እንተዝዕወተላ። ዙር ርዋንዳ፡ ኣብ 2009 ብዩሲኣይ ኣፍልጦ ረኺቡ ናይ 2.2 መዐቀኒ ምስ ተዋህቦ፡ ብዘይካ ኤርትራዊ ናትናኤል ተስፋጼን ካልእ ክልተ ግዜ ዝተዓወተሉ ተቐዳዳማይ የለን። እቲ ኣብ ናይ መወዳእታ መድረኽ ዘጋጠመ ሕንፍሽፍሽ እንተዘይጋጥም፡ ሄናክ፡ ዝ ወዲ ሃገሩን ማዛናኡን ተቐዳዳማይ ዝሓዞ ክብሪ ክበጽሖ ልዑል ተኽእሎ ነይሩዎ።

ይኹን እምበር ሄናክ፡ ካብዚ ውድድር ጥራይ ኢዱ ኣይወጸን። ዝበለጸ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ተባሂሉ እዩ። ኣባል ባይክ ኤይድ ዩኤል ሃብተኣብ ድማ፡ ዝበለጸ ኣፍሪቃዊ መንእሰይ ተሰምዩ። ዓሚ ናይዚ ውድድር ሻምፒዮን ዝበረት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ግና፡ ክብራ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን። ብጋንታ፡ ንዳዊት የማነ ዩኤል ሃብትኣብን ዝሓዘት ክለብ ባይክ ኤይድ እያ ተዓዊታ።

ኣብ 2019 ካብ 2.2 ናብ 2.1 ክብ ዝበለ ዙር ርዋንዳ፡ እቲ ዝዓበየ ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ ምዃኑ ይእመነሉ፣ ምኽንያቱ፡ መወዳደርቱን ተመሳሳሊ ናይ 2.1 ናይ ዩሲኣይ መለክዒ ዘለዎን ዙር ጋቦን (ላ ትሮፒካል ኣሚሳ ቦንጎ)፡ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ድሕሪ 2023 ውድድር ካብ ምክያድ ተቛሪጹ ብምህላዉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2025 ከተሰናድእ ኣብ ምቅርራብ እትርከብ ርዋንዳ፡ ኣብዚ መዛዘሚ መድረኽ ዘርኣየቶ ንዘጠዘለ ተዓዘቢ ዘቦዛዮ ኣካይዳ ኑቲ "ርዋንዳ ብሰንኪ ኣብ ጎረቤታ ሃገር ኮንጎ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ውሕስቲ ኣይኮነት" ዝብል ዘረባ ዝድርዕ መመኽነይታ ከይትና ይሲጉ። ርዋንዳ፡ ንፈለማ ግዜ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም እተኣንግድ ኣፍሪቃዊት ሃገር ክትከውን እያ - ኣብ ወርሒ መስከረም ምስ ኣሰናድኣቶ።

## ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክሊ ዕድመ 17 ልዕሊኡን፡ ብቐዳማይ ሰንበት ናይ ርብዒ ፍጻመ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ መርበብን ሰከባትን ኣካይዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንኢሳቕ ተወልደ መድህን 5-ብ1፡ ሓላይ ንሰምበል ብፍጹም ቅላዕ 5-ብ4፡ ሓርነት ንኣስመራ ሓፈሻዊ 1-ብ0፡ ባርካ ንደንደን ብፍጹም ቅላዕ 8-ብ7 ረቲዐንኦን።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንኢሳቕ ተወልደመድህን ብፍጹም ቅላዕ 3-ብ1፡ ሓላይ ንሰምበል ብፍጹም ቅላዕ 5-ብ4፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንልምዓት 1-ብ0፡ ሓርነት ንሶማእታት ብፍጹም ቅላዕ 4-ብ1 ሰዒረናኦን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኢሳቕ ተወልደ መድህን ንቀይሕ ባሕሪ፡ ማይ ኣፍሒ ንሰምበል ብተመሳሳሊ 3-ብ1፡ ባርካ ንልምዓት 3-ብ0፡ ሓርነት ንኣስመራ ሓፈሻዊ 3-ብ1 ኣሰኒፈናኦን።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንቀይሕ ባሕሪ፡ ርእሲ ዓዲ ንየካ ብተመሳሳሊ 3-ብ1፡ ደምበ ሰምበል ንእምባዛራ፡ ባርካ ንልምዓት ድማ፡ ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ተዓዊተናሎን።

ኣብ ኩዕሶ ሰከባት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰማእታት ንእምባዛራ 59-ብ19፡ ባርካ ንኢሳቕ ተወልደ መድህን 51-ብ25፡ ደምበ ሰምበል ንሓርነት 17-ብ10፡ ልምዓት ንቀይሕ ባሕሪ 15-ብ14 ክስዕረኦን እንከለዋ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰማእታት ንደንደን 59-ብ32፡ ባርካ ንልምዓት 55-ብ33፡ እምባዛራ ንደምበ ሰምበል 63-ብ56፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሓላይ 59-ብ29 ሰዒረናኦን።

በዚ ኩሉ ዕወታት ጋንታታት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን ኣለዋ።

ኺ ኺ እዚ ውድድር፡ ብቕዓም ኩዕሶ ኢድ (Hand ball) ካልኣይ ደረጃ ተኻይዱ ነይሩ። ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንደንደን 3-ብ0፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንዲያእ 6-ብ1፡ ባርካ ንሓላይ 9-ብ2 ክስዕራኦን እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዲያእ ንኣስመራ ሓፈሻዊ 3-ብ2፡ ሰማእታት ንማይ ኣፍሒ፡ ባርካ ንሰምበል፡ ብተመሳሳሊ 4-ብ2፡ ሱላርቲ ድማ ንሓላይ 8-ብ3 ከምዝሰዓረኦን ካብቲ ጨንፈር ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

## ሱፐር ዲቪዥን ካልኣይ ዙርያ ፈኪሙ

### ቀይሕ ባሕሪን ኣዱሊስን ነጥቢ ተማቒለን

ካልኣይ ዙርያ ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት ብሰለስተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ጀሚሩ።

ፈለማ እታ ብ15 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ኣልታሕሪር፡ ምስ'ታ 11 ነጥቢ ምስ ዘለዋን ሻድሻይ ተርታ ምስ ዘላን ማይ ተመናይ ገጢሟ። ማይ ተመናይ፡ ኣብ ማብል 22 ደቒቕ ብመገዲ ናትናኤል ዓንደም መራሕነት ክትሕዝ እንከላ፡ ኣልታሕሪር ኣብ ውሽጢ ክልተ ደቒቕ ካብ መሓመድ ኣንዋር ብዝረኸበታ ሽቶ ተመዓራርያ። ኣልታሕሪር፡ ተጻዋታይ ማይ ተመናይ ሰናይ በረኸት ናብ ልዓቱ ብዘመዝገባ ሽቶ ንዕረፍቲ 2-ብ1 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ማብል 90 ደቒቕ ካብ ብርሃ ተስፋሚካኤል ሽቶ ወሲኻ ብገፊሕ 3-ብ1 ተዓዊታ ነጥባ ናብ 18 ክብ ኣቢላቶ። ኣብኣ ዘርኢት የማነ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ካብ ትሸዓተ ጸወታ ብምሉእ 27 ነጥቢ ንቐዳማይ ዙርያ ዝዛዘመቶ ደንደን፡ ብሓንቲ ነጥቢ መወዳእታ ዓሰራይ ደረጃ ሒዛ ምስ ዘላ ፓራዳዛ ገጢማ። ኣዚያ ዓብላሊት ዝበረት ደንደን፡ ቀዳማይ ዕረፍቲ ካብ ሰም ተኪኤን ሰምኦን ሃብተን፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ፡ ክልተ ሽቶታት ካብ ቢንያም ግርማይ ረኺባ ብገፊሕ 4-ብ0 ተዓዊታ። ሰም፡ ናይቲ ግጥም ዝበለጸ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ሳልሳይ ጸወታ ንዓበይቲ ጋንታታት ቀይሕ ባሕሪን ኣዱሊስን ዘራኸበ ነይሩ። ቀይሕ ባሕሪ፡ ንቐዳማይ ዙርያ ብ22 ነጥቢ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ክትዛዘም እንከላ፡ ኣዱሊስ ብ11 ነጥቢ ሻውዓይ ተርታ ሒዛ ዛዚማቶ።

ቀዳማይ ዕረፍቲ ሽቶ ዘይተመዝገቦ እዚ ጸወታ፡ ቀይሕ ባሕሪ ድሕሪ ዕረፍቲ ቀዳራ ብዘእተወቶ ኣጥቃዓይ ሰምኦን ኣስምላሽ ኣብ ማብል 70 ደቒቕ እተዐውታ እንኮ ሽቶ ብምርካብ መራሕነት ሒዛ። ኣብ ተወሳኺ ደቓይቕ ግና፡ ዓድል መሓመድ፡ ንፍናን ቀይሕ ባሕሪ ዝሰበረት ሽቶ ብምቑጻሩ፡ ጸወታ 1-ብ1 ተዛዚሙ። እዚ ወጽኢት ከኣ፡ ንደንደን ዘርብሕ ኮይኑ። ቀይሕ ባሕሪ ካብ ደንደን ብሸውዓተ ነጥቢ ክትድሕር ተቐሲባ ኣላ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይቲ ግጥም፡ ሓላዊ ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ዓወት መሓረና ምጽወዑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ እዚ ዞባ፡ ብቕዓም ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ካብ ኣሚን ሓድግንበሰን ፈሩዝ ገብረሂወትን ብዝረኸበተን ሽቶታት፡ ንሰምበል 2-ብ1 ሰዒራታ። ንሽቶ ሰምበል ርዚና ዘርእዝጊ ኣቑጺራታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ጎዳይፍ ካብ ምርያም ሙሉጌታ ብዝቖጸረታ ሽቶ ንሓይሊ ኣየር 1-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኩብንያ ህንጻ ሰገን ድማ፡ ብሽቶ ፍዮና ገርግሽ ንገጀረት ብተመሳሳሊ 1-ብ0 ኣሰኒፋታ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ
ሻምፕዮንስ ሊግ ዙር 16 ቀዳማይ እግሪ
ክለብ ብሩጋ - ኣስቶን ቪላ 8:45 ድ.ቀ
ሪያል ማድሪድ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ
ፒኤስጂ - ኣርሰናል 11:00 ድ.ቀ
ቦሩስያ ዶርትሞንድ - ሊል 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ምርያም ኣብርሃም

## እስራኤል፡ ናብ ቓዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዛት ዓጊታቶ



እስራኤል፡ ንኸሉ'ቲ ናብ ወሸመጥ ቓዛ ክኣቱ ዝጸንሐ ሰብኣዊ ሓገዛት ካብ ዝሓለፈ ሰንበት ኣትሒዛ ደው ከምዝበለቶ ኣፍሊጣ፡፡

ብመሰረት እቲ ዝሓለፈ 19 ጥሪ ኣብ መንጎ ሓማስን እስራኤልን ተግባራዊ ዝኾነ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናይቲ ስምምዕ፡ ሓማስ ኣብ ዝሓለፉ 42 መዓልታት ብድምር 33 እስራኤላውያን ጅሆታት ክመልስ እንከሎ፡ እስራኤል ድማ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርታ ዝነበሩ 1700 ፍልስጤማውያን እሱራት ክትፈትሕ ከኣላ፡፡

ቀዳማይ ገጽ ናይቲ ስምምዕ ዝሓለፈ ቀዳም እኳ እንተኣብቀዐ፡ እስራኤል ግን ገደብ ግዜ ናይቲ ስምምዕ ዝይተወሰነ ግዜ ክቕጽል እያ ንሓማስ ሕቶ ተቕርበሉ ዘላ፡፡

ይኹን'ምበር፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ንሕቶ እስራኤል ብምንጻግ፡ ካልኣይ ገጽ ናይቲ ስምምዕ ብቕልጡፍ ክጀምር'ዩ ዝጽውዕ ዘሎ፡፡

በዚ ዘይተሓጎሰት እስራኤል፡ ንኹሉ'ቲ ናብቲ ወሸመጥ ክኣቱ ዝጸንሐ ሰብኣዊ ሓገዛት ከልኪላቶ ኣላ፡፡

ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ 42 መዓልታት ዝፍጸም ካልኣይ ገጽ ናይቲ ስምምዕ፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ወሸመጥ ቓዛ ጠቕሊሉ ክወጽእ፡ ሓማስ ድማ ኩሎም እቶም ዝተረፉ ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ እስራኤላውያን ናጻ ክለቕቕ ዝበሉ ነጥብታት ዝሓቖፈ እዩ ነይሩ፡፡

እንተኾነ፡ እስራኤል ቀዳማይ ገጽ ናይቲ ስምምዕ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ሰራዊታ ካብቲ ብፊላደልፊያ ኮሪደር ዝፍለጥ ዶብ ወሸመጥ ቓዛን ግብጺን ከምዘይለቕቕ እያ ኣፍሊጣ፡፡

በዚ ኸኣ እቲ ኣብ መንጎ ሓማስን እስራኤልን ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ከምዘሎ ይሕበር ኣሎ፡፡

መራሕቲ ብርክት ዝበሉ ሃገራት ዓረብን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከኣ፡ ንውሳነ እስራኤል ብትሪ ብምኹናን፡ እታ ሃገር ንውሳነኣ ዳግመ-ግምት ክትገብረሉ ይጽውዑ ኣለው፡፡

## ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን 2 ቢልዮን ዶላር ባጀት ሰሊዓ

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር ስታመር፡ ሃገሩ ንዩክሬን ልዕሊ 5 ሽሕ ጸረ-ነፈርቲ ሚሳይላት ከዐድጋ ዝኽእል ኣስታት 2 ቢልዮን ዶላር ባጀት ከምዝሰለዐት ኣፍሊጡ፡፡

እዚ ብሪጣንያ ዝሰለዓቶ ገዚፍ ባጀት፡ ዩክሬን ናይ ምክልኻል ዓቕማ ንምድንፋዕን ኣገዳሲ ዝኾኑ ትሕተ-ቅርጽታታ ንምሕላውን ክሕግዛ ከምዝኽእል ድማ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብቲ ኣብ ከተማ ሎንደን ዝተኻየደ ብርክት ዝበላ ሃገራት ምዕራብ ዝተሳተፍኦ ዋዕላ ሓቢሩ፡፡


ንሱ ወሲኹ፡ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ የንጸላልወን ካብ ዘሎ ስግኣታት ንምድሓንን ንዩክሬን ንምሕጋዘን ክብላ ወተሃደራዊ ዕጥቅታተን ብዓይነትን ብዝሒን ከዕብያ'ውን ጸውዒት ኣቕሪቡ፡፡

"ኣብ ኤውሮጳ ዝኽሰት ኩናት ንኽላትና ብማዕረ እዩ ዝጸልወና" ዝበለ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ንዩክሬን ምሕጋዝ ሓደ ካብቲ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ምዃኑ ኣስሚሩሉ፡፡

ኬር ስታመር ኣብ መወዳእታ፡ ዕላማ ብሪጣንያ ንዩክሬን ንምሕያል ምዃኑ'ውን፡ ኣብቲ መራሕቲ ፈረንሳ፡ ፖላንድ፡ ጀርመን፡ ዴንማርክ፡ ቸክ ረፓብሊክ፡ ሆላንድ፡ ሮማንያ፡ ቱርኪ፡ ፊንላንድ፡ ኢጣልያ፡ ሽወደንን ካናዳን ዝተሳተፍዎ ኣፍሊጡ፡፡

ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመረ ንደሓር ጥራይ፡ ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ኣስታት 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ብመልክዕ ሓገዝ ከምዝለኣኻላ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



## ላቲቪያ፡ ዜጋታታ ናብ ሩስያን ቤላሩስን ከይገሹ ትኽልክል

ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾነት ላቲቪያ፡ ዜጋታታ ናብ ሩስያን ቤላሩስን ከይገሹ ዝኽልክል እማመ ከምዘዳለወት፡ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻን ቱደይ' ሓቢሩ፡፡

ኮቲ እማመ ዘዳለዉ ኣባላት ባይቶ ላቲቪያ፡ ዜጋታት'ታ ሃገር ንውሕስነቶም ክብሉ ኩሉ'ቲ ናብ ሩስያን ቤላሩስን ክካየድዎ ወጢኖሞ ዝጸንሑ መገሻኦም ደው ክብልዎ ጸዊዖሞም፡፡

እቲ እማመ ኣብ ባይቶ ምሉእ ድምጺ ብምርካብ እንተጸዲቑ፡ እቲ ክልከላ ካብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት ጀሚሩ ተግባራዊ ከምዝኸውን እዩ ዝንገር ዘሎ፡፡

መንግስቲ ላቲቪያ፡ ዋላ'ኳ ብተደጋጋሚ ነዚ ጸውዒት'ዚ ከቕርብ እንተጸንሐ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግን ወርሓዊ ብውሑዱ 2,000 ላቲቪያውያን ናብ ሩስያ ምብጻሕ ከምዘካይዱ እዩ እቲ መርበብ ሓበሬታ ዝጠቐሰ፡፡

በዚ ሕጂ ተዳልዩ ዘሎ እማመ መሰረት ግና፡ ዝኾነ ላቲቪያዊ ናብ ሩሲያ ይኹን ቤላሩስ ንምብጻሕ ፍቓድ ምስ ዝሓትት ኣገልግሎት ከምዘይረኽብ እዩ ዝሕበር ዘሎ፡፡

እቲ እማመ፡ ኣካል ናይቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ክትግብሮ ወጢኑዎ ዘሎ ተወሳኺ ማዕቀብ ምዃኑ ድማ ይግለጽ፡፡

## ኡራጓይ - ሓድሽ ፕረዚደንት ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ

መበል 43 ፕረዚደንት ኡራጓይ ኮይኑ ዝተመርጸ ያማንዱ ኦርሲ፡ ትማሊ ሰኑይ ቃለ-ማሕላ ከምዝፈጸመ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ፡፡

ወዲ 57 ዓመት ዝኾነ ያማንዱ ኦርሲ፡ ኣብቲ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 49.8 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ'ዩ ነቲ 45.3 ሚእታዊት ድምጺ ዝረኸበ ቀንዲ መወዳድርቱ ኣልቫሮ ደሊጋዶ ስዒሩ፡፡

በዚ ኸኣ እዚ ኣቐዲሙ ኣብ ዓዱ መማህር ናይ ታሪኽ ኮይኑ ክዖዪ ዝጸንሐ ፕረዚደንት፡ ንዝመጽእ 5 ዓመታት ነታ ሃገር ክመርሓ ምዃኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ፡፡

ነታ ኣስታት 3.4 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገሩ ብዝበለጸ ከምዘገልግላ ዝጠቐሰ ያማንዱ ኦርሲ፡ ኣብ ናይ ስልጣን ግዜኡ ንሰላምን ምዕባለን እታ ሃገር ዓቢዩ ከምዝሰርሕ ቃል ኣትዩ፡፡

ቅድሚ ፕረዚደንት ያማንዱ ኦርሲ በትረ-ስልጣን ምርካቡ፡ ሉዊስ ኣልበርቶ ካብ 2020 ክሳብ 2025 ፕረዚደንት እታ ደቡብ ኣመሪካዊት ሃገር ኮይኑ ከምዘገልገለ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



## ዶመኒካ - ልዕሊ 276 ሽሕ ዜጋታት ሀይቲ ሰጒጓ

ረፓብሊክ ዶመኒካ፡ ኣብ 2024 ጥራሕ ልዕሊ 276 ዜጋታት ሀይቲ ከምዝሰጎገት ይሕበር ኣሎ፡፡

ኣብዘን መወዳእታ ሰለስተ ኣዋርሕ ናይ 2024 ጥራሕ፡ እታ ሃገር ልዕሊ 94 ሽሕ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ከምዝሰጎገት እዩ ዝገለጸ ዘሎ፡፡

ሰሙናዊ ኣስታት 10 ሽሕ ዜጋታት ሀይቲ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ረፓብሊክ ዶመኒካ ከምዝኣትዉ ዝጠቐሰ መንግስቲ እታ ሃገር፡ ነዚ ዋሕዚ እዚ ንምቁጽጻር ኩሎም ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ክሰጉግ ከምእተገደደ ኣፍሊጡ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ካብ ጥሪ ክሳብ መጋቢት 2024 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ መንግስቲ ረፓብሊክ ዶመኒካ ዜጋታት ሀይቲ ዝኾኑ ኣስታት 48,344 ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ሰጒጉ፡፡

ብሰጎምቲ ናይ'ቲ መንግስቲ ዝተቓጥዐት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሀይቲ ዶመኒካ ዱፐይ ነቲ ውሳኔ ብትሪ ከምእትኹንኖ ገሊጻ፡፡

እታ ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ነበርታ ተመዛቢሉም ከምዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ካቴድራል | 4/3/2025 | ጎደና ዶጎሊ 171-65 ክቢ ኣልፊርማጭ ጥቃ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565